# ወጋሕታ

2ይ ዓመት ቑፅሪ 26 27 ሚያዝያ 2014 ዓ.ም ሓሙስ ብር 10.00


# ህወሓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፀሞም ዘለዉ ግፍዕታት ኣጣናኺሩ ይቕፅሉ ከምዘሎ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ጉጅለ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፅሞም ዘለዉ ግፍዕታት ኣጣናኺሩ ይቕፅለሉ ከምዘሎ ኣባል ብልፅግና ጨንፈር ትግራይ ኣይተ ባርያጋብር ኣባይ ገሊፆም።ጉጅለ ህወሓት ኣብልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፅሞ ዘሎ ግፍዒ ይፍፅም ምህላው'ውን ኣብ ትግራይ ዝርከብን ደጋፊ ህወሓትን ዝነበረ ሓደ ውድብ ገሊፁ።

ኣይተ ባርያጋብር ንጋዜጣ ወጋሕታ ከምዝገለፅዎ፣ ኣብ ትግራይ ብዘይ ፍርዲ ምእሳር፣ ጉሕለት፣ ዓመፅ ደቒ ኣንስትዮ፣ ኣገዲድካ ምስላፍ፣ ፍትሒ ዘይምህላው፣ ዝመሳሰሉ ግፍዕታት እናተበራኸቱ ብምምፅኦም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ሓደጋ ኣንፃላልዩ ይርከብ።

ከም ገለፃ ኣይተ ባርያጋብር፣ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ፀገሙ ሃፍቱ ብሓይሊ እናተመንጠለ ንዕጡቓት ሓይሊ እቲ ጉጅለ 'ዩ ዝውዕል ዘሎ። ደቒኹም ዘየጋደልኩም እናተባህለ ግዳያት ማእሰርትን ከምኡ 'ውን ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈላለዩ ግፍዕታትን ይበፅሕዎ ኣለዉ 'ዮም።

ዕጡቓት እቲ ጉጅለ 'ውን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዓመፅ እናፈፀመ 'ዩ ዝርከብ፤ ዝጥይቖ ኣካል የለን፤ ምኽንያቱ ሕጋዊ ዝኾነ ምምሕዳር የለን፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብህወሓት ዝፍፀሙ ዘለዉ ግፍዕታት ውድብ ናፃነት ትግራይ 'ውን ብሰፊሑ ገሊፅዎ 'ዩ ክብሉ ኣብሪሆም።

ውናት ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፀሙ ዘለዉ ግፍዕታት፣ ህወሓት ብልዝብ ክፈትሖ ኣለዎ 'ዩ ኢሉ። ይኹን 'ምበር ህወሓት ብልዝብ ናይ ምፍታሕ ባህሪ የብሉን። ናብ

ህወሓት ኣብ ልዕሊ...6


ኣይተ ባርያጋብር ኣባይ


ኣይተ ኪዳነ ኣፈወርቂ

# ጉጅለ ህወሓት ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ህዝቢ እናታለለ ምኟኑ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ጉጅለ ህወሓት ብናይ ሓሶት ፕሮፖጋንዳ ህዝቢ እናታለለ ይርከብ ክብሉ ምስ ሄርሜላ ቲቪ ፃንሒት ዝገበሩ ነበር ተጋዳላይ ህወሓት ኣይተ ኪዳነ ኣፈወርቂ ገሊፆም።

ጉጅለ ህወሓት ሓሶት ብምንዛሕ ናይ ውሽጥን ደገን ማሕበረሰብ ኣብ ምትላል 'ዩ ዝርከብ። ከምዚ ዓይነት ምትላል ቅድሚ ናብ ስልጣን ምምፅኡ ኣትሒዙ ይጥቀመሉ ከምዝነበረ ገሊፆም።

ጉጅለ ህወሓት ሓሶት ምንዛሕ ጥራሕ እንተይኮነስ ንህዝቢ ትግራይ ተባሂሉ ዝኣቱ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝ ንባዕሉ እናተጠቐመሉ 'ዩ ዝርከብ፤ እዚ ከይኣኽሎ ህዝቢ ዘለዎ

ጉጅለ ህወሓት ብናይ...7


ኣይተ መኮነን ዘለለው

# ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ንኹናት እናተጠቀመሉ ከምዝኾነ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ህወሓት ቅድሚ ሐዚ ጀሚሩ ንህዝቢ ትግራይ ንኹናት 'ዩ ዝጥቐመሉ ዘሎ ክብሉ ነባር ተጋዳላይ ህወሓትን መስራቲ ትግራይ ዴሞክራሲያዊ ፓርትን (ትዴፓ) ኣይተ መኮነን ዘለለው ገሊፆም።

ኣይተ መኮነን ምስ ጋዜጣ ወጋሕታ ኣብ ዝነበሮም

ህወሓት ንህዝቢ...7

# «ጀጋኑ ሓርበኛታት ደሞም ኣፍሲሶም ዘፅንሕዋ ኢትዮጵያ ኹሉ ክሕልዋ ይግባእ»

\- ልጅ ዳንኤል ጆቴ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ጀጋኑ ሓርበኛታት ደሞም ኣፍሲሶም ዘፅንሕዋ ኢትዮጵያ ንኸይትጠፍእ ኹሉ ሰብ ዘብዒ ኾይኑ ጠጠው ክብል ከምዝግበኦ ፕሬዚዳንት ማሕበር ጀጋኑ ሓርበኛታት ጥንታዊት ኢትዮጵያ ልጅ ዳንኤል ጆቴ ተዛሪቦም።

ግልጋሎት ቤተ መፃሕፍትን ቤተ መዛግብትን ኢትዮጵያ በዓል ዓወት ኢትዮጵያ ምኽንያት ብምግባር ኣፍቲ ትካል ካብ መንጎ ዝርከቡ መዛግብትታት ንጀጋኑ ሓርበኛታት ዝዝክር ኣውደ ርእይ እንትኸፈት፣ ልጅ ዳንኤል ጆቴ ኣፍቲ ስነ ስርዓት ተረኺቦም ኣብ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ ኢትዮጵያ ብዝምልከት ኹሉ ዜጋ ንዓዱ መንግስቲ 'ዩ ኢሎም።

ዋና ዳይሬክተር ግልጋሎት ቤተ መፃሕፍትን ቤተ መዛግብትን ኢትዮጵያ ኣይተ ይኩኖኣምላክ መዝገቡ ከምዝገለፅዎ፤ ትካሎም ጀጋኑ ሓርበኛታት ዝዝክር ስራሕ ብምስርሑ ዓብዪ ኹርዓት ይስመዖ።



«ጀጋኑ ሓርበኛታት...6


ገፅ 4 መልእኽቲ እንኳዕ ኣብፀሐኩም ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ

ገፅ 5 «ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ ሐዚ ናብ ኩናት ኣይንኣቶን ደኣኽስና ክብል ኣለዎ» - ኣይተ መኮነን ዘለለው

ገፅ 7 ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወልቃይት ፣ ጠገዴን ጠለምትን ዝተፈፀመ ምፅናት ዘርኢ ዝፈፀሙ ኣካላት ንክሕተቱ ዩኒቨርሲቲ ጎንደር ኣተሓሳሲቡ

# ንሃገርና ከጥፍኡ ዝደልዩ ኹሎም ወኪል ኣካል ጥፍኣት ገይሮም ክወስዱና ክንፈቅድ ኣይግባእን ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ገሊፃም

- ኣብ ወልድያ ዝርከቡ እዝታት ሰራዊት ምክልኻል ዑደት ኣካይዶም

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ንሃገርና ከጥፍኡ ዝደልዩ ኹሎም ወኪል ኣካል ጥፍኣት ገይሮም ክወስዱና ክንፈቅድ ኣይግባእን ክብሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ ገሊፆም። ኣብ ወልድያ ዝርከቡ እዝታት ሰራዊት ምክልኻል እዝታት ደቡብ፣ ምብራቕ፣ 6ይን 8ይን ዑደት ኣካይዶም።

ከም ህዝቢ ኣፈላላይና ተረዲእናን ተቐቢልናን ኣብ ዕድመ ብዙሕ ወለዶ ተኣሳሲርና ፀኒሕና ኢና። ካብ መንጎ ሓበራዊ ነጥብታትና ምክእኣል እቲ ሓደ ኣድላዪ መሰረት 'ዩ።

ከም ሓደ ህዝቢ ፣ ምጥፋእ ሃገርና ዝደልዩ ኹሎም፣ ኣካል ጥፍኣት ገይሮም ክወስዱና ክንፈቅድ ኣይግባእን ኢሎም። ኣብ ውሽጢ ሓደ ሓደ ማሕበረሰብ ክኸውን እንፈቕዶ ኽፍኣት ምስ ሕድ ሕድ ዝምድናና ካብ ዘለዎ ኣቕርቦት ሓሊፉ መጥቐሚ ወኪላት ሓይልታት ጥፍኣት ዝኸውን 'ዩ።



ኣብ ውሽጢ ማሕበረሰብና መስተውዓልቲ ልቦና ንድለይሞ ኣፈላላይና ካብ እነድምቕ ንምቅርራብ ንስራሕ ክብሉ ፃውዒት ኣቕሪቦም።

ማንም ንምጥፋእ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝግበር መጥቃዕቲ ኣብ ኹላትና ዝግበር 'ዩ ዝበሉ ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ፤ ነቲ መጥፍኢ ኣውጊዝና ምስ ዝተጠቐዐ ጠጠው ንብል 'ምበር እቲ ጥፍኣት ብኻሊእ ጥፍኣት ንምግዳድ ክንፍትን የብልና ኢሎም። ካብ ሰላም ኢትዮጵያ 'ምበር ካብ ህውከታት ኹላትና ኣይነትርፍን ክብሉ መልእኽቶም ዛዚሞም።

እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ በዓል ዒድ ኣልፈጥር ምኽንያት ብምግባር ኣብ ወልድያ ዝርከቡ እዝታት ሰራዊት ምክልኻል እዝታት ደቡብ፣ ምብራቕ፣ 6ይን 8ይን ዑደት ኣካይዶም።

ኣብ ከተማ ወልድያ ብዝተዳለወ ስነ-ስርዓት ዑደት ካብ ኣባላት ሰራዊት ብዝሓለፈ ነበርቲ እታ ከተማን ከባቢኡን ተረኺቦም 'ዮም። ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ንኣባላት ሰራዊት መልእኽቲ እንኳዕ ኣብፀሐኩም ኣመሓላሊፎም።

ኢትዮጵያ ንኣሽሓት ዘመናት ክርስትናን እስልምናን ብፍቕሪ ዝነበሩላ ሃገር 'ያ ዝበሉ እቶም ቐዳማይ ሚኒስተር፣ እዚ ፍልፍል ኩርዓትና 'ዩ ኢሎም።

ኢትዮጵያ ዝዝረብ ታሪኽ ጥራሕ ዘይኮነስ ዝለምዕ መሬትን ዘልምዕ ህዝብን እውን ዘለዋ 'ያ ኢሎም። ነዚ ዝተረዱኡ ፀላእትና ልምዓትና ንምትዕንቃፍ ሓድነትና ንምብልሻው እናሰርሑ ይርከቡ።

ንኢትዮጵያ ብፅልኢ ዓዊርካ ምስዓር ከምዘይከኣል ዘልዓሉ እቶም ቀዳማይ ሚኒስትር፣ ብፍቕሪ ተለዓዒሉ መስዋእትነት ከፊልካ ኢትዮጵያ ምፅናዕ 'ዩ ዝከኣል ኢሎም።

ማሕለኻታትን ዘተዓናቕፉናን ዋላ እንተበዝሑ መዓልታዊ እናጠንከርና ክንከድ ኢና ኢሎም።ናይ መጀመርታን መወዳእታን ዓንዲ ኢትዮጵያ ሰራዊት ምክልኻል ከምዝኾነ እውን ኣልዒሎም።

በኢፌዴሪ የመንግሥት ኮሙኒኬሽን አገልግሎት
FDRE Government Communication Service

## ሃገር ንምፍራስ ዝግበር እኩይ ዕላማ ፀላእቲ ፍፁም ከምዘይሳኻዕ ተገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኢትዮጵያ ንምፍራስ ትልሚ ሒዞም ዝንቐሳቐሱ ናይ ደገን ውሽጥን ፀላእቲ ከምዘይሳኸዐሎም ግልጋሎት ኮሙኒኬሽን መንግስቲ ኣፍሊጡ። ፈተውቲ ሰላም ሰዓብቲ እቲ እምነት እቲ በዓል ብሰላም ንኽሓልፍ ምስ ኣካላት ፀጥታ ንዝገበርዎ ምትሕብባርን ተሳትፎን ኣመስጊኑ።

ግልጋሎት ኮሚኒኬሽን መንግስቲ ኣብ ወድዓዊ ኩነታት ሰላምን ፀጥታን ኣመልኪቱ ኣብዘውፀኦ መግለፂ፣ ታሪካዊ ፀላእትና ኢትዮጵያ ንምትርማስን ንምፍራስን ከም መሳርሒ ካብ ዝጠቀሙሎም ጉዳያት ውሽጢ ፀላእቲ ነቲ ናይ ለውጢ ከይዲ ፈተና ብምኳን ዝቐፅሉ ዘለዉ ፅንፈኛ ሃይማኖት፣ ኣክራሪነትን መንደርተኝነትን ቀንዲ ተጠቐስቲ ምኳኖም ገሊፁ።

ናይ ውሽጢ ባንዳታት ሃይማኖት ሽፋን ብምግባር ምስ ናይ ደገ ታሪካዊ ፀላእቲ ብምውዳድ ብፍላይ ኣብ ክልል ኣምሓራ ከተማ ጎንደር ምስ ዘጋጠመ ረብሻ ብምትሕሓዝ እቲ ጎንፂ ናብ ክልል ደቡብ ከተማ ወራቤን ካልኦት ከባቢታትን ብምስፋሕ ህውከትን ዕግርግርን ንክፍጠር ፈተነ ከምዝገበሩ ገሊፁ።

ኣብዚ ሰሙን ኣብ ማሕበራዊ ሚድያታት ፀረ ኢትዮጵያ ቅዋምም ቀፂሎም ክፈጥርዎ ብዛዕባ ዝሓሰብዎ ህውከትን ዕግርግርን ኣብ ኣደባባይ ክገልፁ ከምዝቐነዩ ወሲኹ ኣዘኪሩ።

እከይ ዕላመኦም ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኣብቲ ስነ ስርዓት በዓል ዓብዪ ሶላት ዒድ ንምትግባር ከምዝፈተኑ ብምብራህ፣ በዚ ድማ ኣብ ሓውልቲ ሰማእታትን መስቀል ኣደባባይን ኣብ ንብረትን ሓይሊታት ፀጥታን ካብ ዝበፅሐ ዝተወሰነ ጉድኣት ወፃኢ ካሊእ ዝኸፍአ ጉድኣት እንተይበፅሐ ብዝተገብረ ፈተውቲ ሰላም ምእመናንን ኣካላት ሓይሊታት ፀጥታን እቲ ተሓሲቡ ዝነበረ ናይ ምትርማስ ትልሚ ከምዝፈሸለ ገሊፁ።

ኣብ ዝተረፉ ኣብዝሓ ከባቢታት ኢትዮጵያ መበል 1 ሺሕን 443 ብዓል ዒድ ኣልፈጥር ሶላት ብሰላም ምዝዛሙ ብምሕባር፣ ኢትዮጵያ ናይ ምፍራስ እኩይ ትልሚ ምትሕብባር ናይ ደገን ውሽጥን ፀላእቲ ፈፂሙ ክሳኻዕ ከምዘይኽእል ወሲኹ ኣፍሊጡ።

## «ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ኣብ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ከቢድ ኩነታት ኮይኑ ዝገብሮ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝ ዝምስገን 'ዩ»

- ኣይተ ደመቀ መኮነን

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ):- ምክትል ቀዳማይ ሚኒስትርን ሚኒስትር ጉዳያት ወፃኢን ኣይተ ደመቀ መኮነን ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ኣብ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ከቢድ ኩነታት ኮይኑ ዝገብሮ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝ ዝምስገን 'ዩ ኢሎም።

ኣይተ ደመቀ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተሾሙ ተፀዋዊ ዳይሬክተር ኢትዮጵያ ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ክላዉድ ጂቢዳር ኣብ ቤት ፅሕፈቶም ተቐቢሎም እንተዘራርቡ፣ እቲ ትካል ኣብ ኢትዮጵያ ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት ዝሓሸ ስራሕ ከምዝሰርሐ ገሊፆም።

ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ኣብ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ከቢድ ኩነታት ኮይኑ ሓገዝ ንዝደሊዩ ዜጋታት ዝገብሮ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝ ዝምስገን ከምዝኾነ ሓቢሮም።

ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብ ኢትዮጵያ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ልዕሊ 20 ሚሊየን ዜጋታት ሰብኣዊ ሓገዝ የድሊዮም ዝበሎ ኣይተ ደመቀ፥ ከም ፕሮግራም ምግቢ ዓለም ዝበሉ ትካላት ድማ ኩሉ መዳይ ተበፃሓይ ዝኾነ ሰብኣዊ ሓገዝ ብምግባር ዝተጠናኸረ ደገፍ ንክገብሩ ንደሊ ኢሎም።

ኣብ ትግራይ ይግበር ምስ ዘሎ ሓገዝ ብተወሳኺ ኣብ



ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ከምኡ'ውን ድርቂ ኣብ ዘጋጠመን ከባቢታት ተመሳሳሊ ስራሕ ንክሰራሕ ሓቲቶም።

መንግስቲ ዘይተገደበ ሰብኣዊ ሓገዝ ንክግበር ዘሕለፎ ውሳነ ብምኽባር ዝሓሸ ደገፍ ነክግበር ይሰርሕ ከምዘሎ ብምግላፅ፣ ጉጅለ ግብረ ራዕዲ ህወሓት ግን ሐዚ 'ውን ሰብኣዊ ሓገዝ ንምትእጉጓል ይፍትን ኣሎ ኢሎም።ዓለም ለኸ ሓገዝ ወሃብቲ ኣካላት ኣካይዳ እቲ ጉጅለ ምውጋዝ ኣለዎም 'ውን ኢሎም።

ክላዉድ ጂቢዳር ብግደኦም፣ ቁርፀኝነት መንግስቲ ንኢዶም።ኣብ ቀፃሊ ሓቢሮም ንምስራሕ ብፅኑዕ ከምዝኣምኑ 'ውን ሓቢሮም።

ኢትዮጵያ ካብ ፀገም ወፃኢ ናብ ዝሓሸ ንምስግጋር ካብ ባዕላ ንላዕሊ ንካልኦት ሃገራት ዓብዪ ግደ ስለዘለዎ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ብምኳን እቲ ፀገም ኣብ ምፍታሕ ክንሰርሕ ኢና 'ውን ኢሎም።

ኢትዮጵያ ስርናይ ብህፁፅ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ዘለዋ ሃገር ስለዝኾነት፣ ሕፅረት ኣቕርቦት ምግቢ ንምቕራፍ እቲ ተግባር ኣድላዪ ደገፍ ከመዝገብሩ ኣረጋጊፆም።

## መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይ ገደብ ናብ ክልል ትግራይ ንኽኣቱ ይገብር ኣሎ ተባሂሉ

- ሰብኣዊ ሓገዝ ዝፀዓና 20 መኻይን ናብ ትግራይ ከምዝኣተዋ ቀይሕ መስቀል ገሊፁ

**መኣርግ ገ/ሄር**

ኣዲስ ኣበባ፡-መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይዝኾነ ይኹን ገደብ ናብ ክልል ትግራይ ንኸኣቱ እናገበረ ምኳኑ ሚኒስቴር ጉዳያት ወፃኢ ኣፍሊጡ። ሰብኣዊ ሓገዝ ዝፀዓና 20 መኻይን ናብ ትግራይ ከምዝኣተዋ ተገሊፁ።

ብመንግስቲ ኣብ ቀረባ እዋን ሰላም ናይ ምዕሳል ውሳነ ካብ ዘመሓላለፈሉ ዕለት ጀሚሩ 146 ሰብኣዊ ሓገዝ ዝፀዓና ተሸከርከርቲ ን 9 ነዳዲ ዝፀዓና ቦቴታትን ናብ ትግራይ ከምዝኣተዋ ኣቐባሊ ቃል እቲ ሚኒስቴር ኣምባሳደር ዲና ሙፍቲ ገሊፆም።

ኣምባሳደር ዲና ኣብ ዝሃቡዎ መግለፂ፣ ብወገን መንግስቲ ኢትዮጵያ ሰብኣዊ ሓገዛት ብዘይዝኾነ ይኹን ገደብ ንኽበፅሑ እናተሰርሐ ይኹን 'ምበር ህወሓት ፀገም ካብ ምፍጣር ከምዘይተቖጠበ ተዛሪቦም።

ኢድ ለገስቲ ሃገራት ምሕፃርን ኣብ ውሽጢ ሃገር ቁፅሪ ተሓገዝቲ ምውሳኽን ኣብ ቀረብ ሰብኣዊ ሓገዝ ፀገም እናተፈጠረ ከምዝኾነ ገሊፆም።

ህወሓት ካብ ኣርቢቲ፣ በርሃሌን ኣብዓላን ወፃእ ካብ ካልኦት ብወራር ዝሓዞም ከባቢታት ዓፋር ከምዘይወፅኣን



**ኣምባሳደር ዲና ሙፍቲ**

ሐዚ 'ውን ኣብ ሓደ ሓደ ጣብያታት ክልል ኣምሓራ ሒዙ ከምዝርከብ ኣብ መግለፂኦም ኣመልኪቶም።

ዓለም ለኸ ማሕረሰብ ሰብኣዊ ሓገዝ ንኽገብርን ህወሓት ብሓይሊ ካብ ዝሓዞም ከባቢታት ለቒቑ ንኽወፅእን ድፍኢት ንኽገብር ሓቲቶም።

ህወሓት ኣብዚ እዋን መጥቃዕቲ ክፍፅም ከምዝኽእል 'ውን ፈኸራ ዝመስል መልእኽቲ እናመሓላለፈ ከምዝርከብ ኣምባሳደር ዲና ኣመልኪቶም።

ዝተፈላለየ ሰብኣዊ ሓገዝ ዝፀዓና 20 መኻይን ናብ ክልል ትግራይ ምእታወን ዓለም ለኸ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል ኣፍሊጡ።እቲ ኮሚቴ ከምዝገለፆ እተን መኻይን፣ ምግቢ፣ ዘረኣቲ እኽሊ፣ ቀረባት ሕክምናን መሕከሚ ማይን ዝፀዓና እየን።

እቲ ቀረብ ሕክምና ኣብ ክልል ትግራይ ቀደማይ ደረጃ ግልጋሎት ጥዕና ኣብ ዝህባ 13 ጣቢያታት ጥዕና ዝርከቡ 65 ሺሕ ተሓከምቲ ንሰለስተ ወርሒ ከምኡ 'ውን ኣብ ኣርባዕተ ሆስፒታላት ንዝርከቡ 6 ሺሕን 600 ተሓከምቲ ሕማም ሽኮርያ ንሓደ ወርሒ ዘገልግል ከምዝኾነ ገሊፁ።

እቲ ሰብኣዊ ሓገዝ፥ ኣብ ሆስፒታላት ሽረ፣ ሰሜንን ሽራሮን ንዝርከቡ ግልጋሎት ጥዕና ዓቕመን ከምዘድንፍዕን ቀዳማይ ደረጃ ግልጋሎት ኣብ ዝህባ 19 ማእኸላት ጥዕና ዝርከቡ 20 ሺሕ ተሓከምቲ ሓዊሱ ሰብ ሞያ ጥዕናን ስድረኦምን ንሓደ ወርሒ ዘገልግል ሓገዝ ምግቢ ዘካተተ ከምዝኾነ እቲ ኮሚቴ ወሲኹ ኣብሪሁ።

ሓገዝ ዓለም ለኸ ኮሚቴ ቀይሕ መስቀል ኣብ ከተማታት መቐለ፣ ዓዲግራት፣ ሽሬ፣ ዓድዋን ኣክሱምን ዝርከቡ መሰረተ ልምዓታት ማይ ብምፅጋንን ብምሕካምን ኣብተን ከተማታት ዝነብሩ ዜጋታት ተጠቀምቲ ፅሩይ መስተ ማይ ንኽኾኑ ዝሕግዝ ከምዝኾነ ተሓቢሩ።

ካብ ሓገዝ ቀረብ ሕክምናን ማይን ወፃኢ ብተወሳኺ ን15 ሺሕ ዜጋታት ከገልግሉ ዝኽእሉ ኣቑሑት ውሽጢ ገዛን ን20 ሺሕ ሓረስቶት ዝከፋፈሉ ዝራእቲ ዘካትት እዩ ክብል ግዜኢ ፀብፂቡ።

## ርእሰ ኣንቀፅ

# ፀገም ህዝቢ ትግራይ ንክፍታሕ ጉጅለ ህወሓት ክእለ ኣለዎ

ኣብዚ ሐዚ እዋን ህዝቢ ትግራይ ኣጋጢሚዎ ዘሎ ፀገም ቀንዲ ተሓታቲ ጉጅለ ህወሓት ምዃኑ ኹሉ ዝፈልጦ'ዩ። እዚ ሓይሊ ብዝተኸተሎ ጉጉይ መገዲን ውሳነን ትግራይ ማእኸል ኹናት ክትኸውን ብምግባር ሂወት ሰብ ንክጠፍእ፣ ንብረት ንክዓኒ ኮታስ ከቢድ ማሕበራዊ ቅልውላው ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ንክበፅሕ ገይሩ ኣሎ፤ ይገብር'ውን ኣሎ። እዚ ሓይሊ ፀላኢ ህዝቢ ትግራይን ዕድመኡን ህልውናኡን ኣብ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ዝገበረ ብምዃኑ ንዕድሜኡን ህልውናኡን ክብል ፀገም የጋድድ ስለዘሎ ክእለ ይግባእ።

ጉጅለ ህወሓት ብግጉእ ውሳነን ትዕቢትን ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን መጥቃዕቲ ብምፍናው ኹናት ብምውላዑ ኣብ ትግራይን ኣብቲ ጉጅለን ከቢድ ኪሳራ በፂሑ'ዩ። መንግስቲ ፌደራል ሓረስታይ ትግራይ ንክሓርስ ኢሉ በይናዊ ተኹሲ ጠጠው ምባል ወሲኑ ካብ መቐለ እንትወፅእ ድማ ብዘይ ኹናት ዘይነብር ጉጅለ ህወሓት እቲ ኹናት ናብ ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ኣስፍሒዎ። ዋላኳ ከቢድ ሰብኣዊን ንዋታውን ኪሳራ ኣጋጢምዎ ተሳዒሩ ይውፃእ ኣብ ሂወት ሰብን ንብረትን እተን ክልላት ከቢድ ጉድኣት ኣብፂሑ'ዩ።

ካብ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ተሳዒሩ ምስውፅአ'ውን ሰብኣዊ ረድኤት ዝኣትወሉ መስመር ኣብዓላ ብምዕፃው ህዝቢ ትግራይ ምግብን መድሓኒትን ከይረክብ ብምግባር በደል ፈፂሙ'ዩ። እዚ ከይኣኽሎ ድማ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ሐዚ'ውን ግፍዒ እናፈፀመ ይርከብ። ስለዚ እዚ ጉጅለ ኣንፃር ህዝቢ ትግራይ እናሰርሐ ስለዝኾነ ህዝቢ ተሓባቢሩ ይኣኽለካ ኢሉ ክኣልዮ ይግባእ።

ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ጉጅለ ህወሓት ኣብ ትግራይ ዝበፅሖ ዘሎ ጉድኣትን ገፍዕን ንምህዳም፣ ሰብኣዊ ሓገዝ ንምርካብ ናብ ክልላት ኣምሓራን ዓፋርን ከምኡ'ውን ናብ ኤርትራ ስደት ጀሚሩ ኣሎ።

ኣብ ሐዚ እዋን ኣብቲ ክልል ካብ ዝርከቡ ፖለቲካዊ ውድባት ኢና በሃልቲን ንቲ ጉዳይ ዝከታተሉ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝርከቡ ኣመራርሓ ፖለቲካዊ ውድባትን ግዱሳት ውልቀሰባትን ከምዝገለፅዎ፣ ብጉጅለ ህወሓት ብኔትወርክ ዝተጠላለፉ ኣመሓደርቲ ንህዝቢ ትግራይ ደም የንብዕዎ ኣለዎ። ሓረስታይ ትግራይ ብዘይ ፍርዲ ፈቓዶ ኣብያተ ትምህርትን መሰልጠኒ ሓረስቶትን ይእሰር ኣሎ። ህይወት ሰብ ይጠፍእ ኣሎ። ብካድረታት ጉጅለ ህወሓትን ዕጡቓትን ንብረት ሓረስታይ ብዘይገደብ እናመንዘዑ ይወስዱ። ኣብ ከተማ'ውን ካብ ሰብ ሃፍቲ እናፈራሐን ብሕሶት እናጠቀኑን ንውልቆም ሃፍቲ ይእከቡ ኣለው። ስለዚ እዚ ኹሉ በደል ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፅም ዘሎ ጉጀል ህወሓት ግድን ክእለ ኣለዎ።ህዝቢ ይኣኽለካ ኢሉ ክለዓል ይግባእ። ተቓሊሱ ካብዚ ሓይሊ ሓራ ክወፅእ ግድን ይኸውን።

ጉጅለ ህወሓት ካብ ህዝቢ ብሓይሊን ብምግዳድን ካብ ዝረኸበን ውሑዳት ረድኤት ኮረንሾ ኾነ ሕሩጭ ጣፍ ኣምፅእ እናተብሃለ ይወሰድ ኣሎ። መንእሰይ ኣገዲድካ ክሰለፍን ኣብ ምግባርን ኣብ ዘይሕጋዊ ዝውውር ሰብን ኣፅዋርን ተፋዊሮም ይርከቡ። ብስደት ካብ ትግራይ ክወፅእ ንዝበለ ሰብ ገንዘብ እናኽፈሉ ኣብ ልዕሊ ፀገሙ ፀገም ይውኹሉ ኣለዉ። በቢ ወረደኡን ጣብያን ብዘቐመጦም ካድረታቱን ዕጡቓታቱን ኣቢሉ ኣብ ግፋን ዓፈናን ተዋፊሩ ኣሎ።

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ፀገሙ ሃፍቱ ብሓይሊ እናተመንጠለ ንዕጡቓት ሓይሊ እቲ ጉጅለ 'ዩ ዝውዕል ዘሎ። ደቑኹም ዘየጋደልኩም እናተባህለ ግዳያት ማእሰርትን ከምኡ 'ውን ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈላለዩ ግፍዕታትን ይበፅሕዎ ኣለዉ 'ዮም። ዕጡቓት እቲ ጉጅለ 'ውን ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዓመፅ እናፈፀመ 'ዩ ይርከብ፤ ዝሓቶም ኣካል የለን፤ ምኽንያቱ ሕጋዊ ዝኾነ ምምሕዳር የለን፤ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብህወሓት ዝፍፀሙ ዘለዉ ግፍዕታት ኣዚዮም ብዙሓት'ዮም።ስለዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ካብዞም ግፍዕታት ሓራ ክወፅእ ይግባእ።ንዚ ድማ ግድን ክቃለስ ኣለዎ። ንዚ ጉጅለ ኣይተድልየኒን ኢሉ ክኣልዮ ይግባኣ።ህዝቢ ትግራይ ተቓሊሱ ንጉጅለ ህወሓት ንክኣሊ ድማ ብፍላይ ካብ ወፃኢ ዘለው ተጋሩን ኣብ ወፃኢ ዝነብሩ ተጋሩ ክሕግዝዎ ይግባእ።

ጉጅለ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፅሞም ዘለዉ ግፍዒታት ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናሓየሎም መፂኡ ኣሎ። ስለዚ ብዛዕባ ህዝቢ ትግራይ ዝንቀሳቐሱ ፖለቲካ ሓይልታት ኮነ ግዱሳት ተጋሩ ሃላዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ብምቕዳም ክቃለሱ ይግባእ። ንጉጀለ ህወሓይ ኣብ ምእላይን ሓጋዚ ህዝቢ ክኾኑ ይግባእ። ኩሉ ትሕቲ ህዝቢ 'ዩ።

ኢፕድ

# ወጋሕታ


3 ሕዳር 2013 ዓ.ም ተመስሪታ

ዋና ስራሕ ፈፃሚ ትካል ፕረስ ኢትዮጵያ

ቁፅሪ ስልኪ - 011-126-42-22

ዋና ኣሰናዳኢ

ፍቓዱ ሞላ

ኣድራሻ

የካ ክ/ከ

ወረዳ 14

የቤት ቁጥር 520/20

ኢሜይል - fekadumola@press.et

ስልክ ቁጥር - 011-1-56-98-77

ኣሰናዳእቲ

ማዕረግ ገ/ሄር

መሰረት ገ/ዮሃንስ

ሄርሞን ፍቓዱ

ዘፈር ልምዓትን ዕዳጋን ፕሮሞሽን

ኢሜይል - epapromotion@press.et

ስልክ - 011-126-43-41

ፋክስ - 011-811-13-15

ክፍሊ መቐበሊ ምልዓይ

ስልክ ቁጥር - 011-156-98-73

ፋክስ - 011-126-58-12

መተሓባበሪ ምልዓይ ዕዳጋ

ስልክ - 011-1-26-43-39

መከፋፈሊ

ስልክ ቁጥር - 011-157-02-70


## ነፃ ሓሳብ

እዚ ዓምዲ ኣብ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ማሕበራዊን ጉዳያት ዜጋታት ናፃ ሓሳቦም ዝህብሉ እዩ። ኣብዚ ዓምዲ ዝወፅኡ ፅሑፋት ናይ ክፍሊ ምስንዳእ ቅዋም ኣይኮኑን።

# ጎስጓስ ኹናት ህወሓት-ንህልዊት መናእሰይ ትግራይ

**ሄርሞን ፍቓዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ጉጅለ ህወሓት ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ በብእዋኑ ዝፈጥሮ መስካሕኩሒ ግፍዒ ማእለያ ዘይብሉን ዘየቋርፅን 'ዩ። እቲ ሐዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ማሕበራዊ ቕልውላው ግና ልዕሊ ዝኾነ እዋን ኣዝዩ ኸቢድን ሕልኽላኻት ዝበዝሖን ንክኸውን ለይትን ቐትርን ጌጋ ኣብ ልዕሊ ጌጋ ብምፍፃም ህዝቢ ትግራይ ከም ዘይልዓል ገይሩ ንኽድቆስን ንኽጠፍእን እናገበሮ ዘሎ ጉጅለ ህወሓት 'ዩ። ነዚ ድማ ተሓታታይ ባዕሉ 'ዩ።

ጉጅለ ህወሓት ንውልቀ ስልጣኑ ክብል ካብ መንጎ ዝፈፀሞም ተደጋጋሚ ጌጋታት ኣብ ቐረባ ብሓዱሽ ወለዶ ዝዝከሩ ምስ ጎረቤት ሃገር ኤርትራ ዝገበሮ ዘየድልን ዓብዪ ክሳራ ዘስዐበ ኲናት፤ ብፍላይ ድማ ብዙሓት መናእሰይ ትግራይ ብዘይ ሓንቲ ረብሓ ህይወቶምን ኣካሎም ስኢኖም 'ዮም። እዚ ዘይጠቅምን ብዙሕ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ክሳራ ዘስዐበ ኲናት ዝጠንሰስዎን እስካዕ መወዳእታ ዝመርሕዎን ድማ እስካዕ ሐዚ ብህይወት ኣለዉን ሐዚ 'ውን የዋግኡ ኣለዉ።

እዞም ውልቀ መለኸቲ ኣፍቲ ሸዑ እዋን ኲናት ዝመረፁሉ ምኽንያት ንሃገርን ንህዝብን ዝጠቅም ጉዳይ ነይርዎም ዘይኮነስ ንውልቀ ስልጣኖምን ንምኾቶምን ክብሉ ብህይወት መናእሰይ እናተጣልዑን እናዓንደሩን ፀኒሖም 'ዮም። እዚ ብዕሊ ዝፍለጥ ኲናት 'ዩ፤ ምስዚ ጎናጎኒ ግና ብዙሓት ዘይተፅብፀቡን ዘይፍለጡን ማሕበራዊ ፀገማት ኣብ ልዕሊ ህዝብና በፂሖም 'ዮም። ወለዲ ብዘይ ጠዋሪ ተሪፎም፣ ብሰንኪ ዝተኻየደ ኲናት ቑጠባ ክልል ትግራይ ኣሽቆልቊሉን ንድሕሪት ካብ ምምላሱ ዝተልዓለ ብሚሊዮን ዝቑፀር ህዝቢ ትግራይ ተፀባዪ ሴፍቲኔት (ረድኤት) ንክኸውን ዳሪጎም፣ ብሰንኪ ዝተፈጠረ ማሕበራዊ ቕልውላው መንእሰይ ንመስተን ዝተፈላለዩ ወልፍታን ኸቃላዕ ከምኡ 'ውን ንታሪኹን ንባህሉን ዝነበሮ ትኹረትን ፍልጠትን ክርስዕ ተገይሩ 'ዩ።

ምስዚ ተተሓሒዙ ኣብ ስልጣን እናሃለዉ ብዝሰርሕዎ ኣድልዎን ዘይሚዛናዊ ምሕደራን ህዝቢ ኢትዮጵያ ምስ ህዝቢ ትግራይ ዝነበሮ ምሕዝነት ሰላም ክሕርፍፍ ብፍላጥን ብዘይፍላጥን ለይትን ቐትርን ሰሪሖም 'ዮም። ነዚ ስዒቡ ድማ ገለገለ ሰባት ትግራዋይ ከም ፍሉይ ተጠቃሚ ስርዓት ብምርኣይ ንኽስከፍን ንኽግለልን እናገበርዎ ከምዝነበሩ ዝዝከር 'ዩ። ውልቀ መለኸቲ ግና ብዓይኒ ዕሙተይ እናመሓደሩ፣ እናዘረጉ፣ እናመቓቐሉ ፣ ህዝቢ ትግራይ ክፅላእ ገይሮም 'ዮም።

መዓዝ እዚ ጥራሕ ብዙሕ ግዕዝይና ንኽጋፉሕን ጥሕሰት ሕጊ ንኽበራኸትን ሓላፍነት ዝጎደሎ ስራሕቲ እናሰርሑ ፀኒሖምን ሐዚ 'ውን እናቐፀሉሉ ይርከቡ። እዞም ንምግላፅ ዝኸብድ ባህሪት ዘለዎም መራሕቲ እቲ ዘገርም ተግባሮምን መግለፂኦምን፤ ‹‹ንሕና ዝበልናዮ ተዘይኮይኑ ኹሉ ነገር ይጥፋእ›› ዝብል ቕዋም ሒዞም እስካዕ ሐዚ ነገራት እናሓንኮሩን እናበላሸዉን ይርከቡ። እቲ ናይ ሐዚ ግና ግድድ ዝበለ ዕንደራን ንዕቐትን ዝተመልአ ከም ዝኾነ እናተርኣየ 'ዩ።

ጉጅለ ህወሓት ድሕሪ ካብ ስልጣን ምውጋዶም ድማ ኣብ ክንዲ ካብ ጌግኦም ዝመሃሩ ንዝነበሩ ሓጓፋት ዘጋድዱ ዓበይቲ ጌጋታት ብምፍፃም ህዝቢ ትግራይ ናብዚ ሐዚ ኣትይዎ ዘሎ ኣዝዩ ኸቢድ ፀገም ንኽኣትው ገይሮም 'ዮም። ብፍላይ ኣብ ልዕሊ እዚ ሰሜን ዝፈፀምዎ መጥቃዕቲ ስዒቡ እስካዕ ሐዚ ዝጉሁር ዘሎ ሓዊ ንኸይጠፍእ ቐትርን ለይትን መናእሰይ ትግራይ ናፍቲ ዝጉሃረ ሓዊ እናዳጎኑ ወለዲ ንኽሓዝኑን ብሰንኪ እቲ ዝተፈጠረ ማሕበራዊ ቕልውላው ንጥምየትን ሞራላዊ ክሳራ ክዳረጉ ገይሮም 'ዮም።

እዞም ጉጅለ ጥፍኣት ብዘይውዳእ ህልኽን ብዘይጠቕም ጉራን ፈኸራን እናተዓጀቡ መንእሰይ ትግራይ ግና ሙዉትን ቑሱልን ገይሮሞ 'ዮም።

እቲ ኣዝዩ ዘሕዝንን ዝገርምን ግና እስካዕ ሐዚ ዝጠፍአ ህይወት መናእሰያት ትግራይ ድምብርፅ ከየበሎም፤ሐዚ 'ውን ኣብ ጎስጓስን ግፋን ከም ዝተዋፈሩ ድማ ብኣንደበት ዘይሓፍሩን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝዕንድሩ በዓል ጌታቸው ረዳን ፃድቃን ገብረተንሳይን ሐዚ 'ውን ብዘይ ሓንቲ ሰኸፈት ኣብ ልዕሊ ህይወት መንእሰይ ትግራይ እናዓንደሩ ይርከቡ። እስካዕ መዓዝ 'ዮም ግና ዝዕንድሩ?

ነገር ውልቀ መለኸቲ ህወሓት ኹሉ ግዘ መገረምን መሕዘንን እንተኾነኳ እቲ ናይ ሐዚ ኣካይድኦም ግና እስካዕ መወዳእታ ንባዕሎም ዘጥፍኦም ይመስለኒ፤ ምኽንያቱ ኹሉ ግዘ ብመገዲ ጥፍኣት ዝጉዓዝ ኣካል ምጥፍኡ ስለዘይተርፍ።

ኹሉ ነገር ዓቐን ኣለዎ ብስጭት፣ ህልኽ ፣ ባእሲ፣ ኲናትን ኻሊእ ተመሳሳሊ ድርጊታት እሞ ድማ ብውልቅኻ ዘይኮነስ ህዝቢ ወኪልኻ እትገብሮ ነገር ኹሉ ልዕሊ ዓቐን እንትኸውን ውፅኢቱ ባዶ ወይ ድማ ጥራሕኻ ምትራፍ 'ዩ፤ መዓር እንትበዝሕ ይመርር ከምዝብሉ ወለድና ኣሸንኳይዶ ኽፍኣትን ጥፍኣትን ፅቡቕ ነገር ከይተረፈ ዓቐን የድልዮ ዩ፤ ምኽንያቱ ስለዝስልችውን መወዳእቱ ስለዘፅልእን 'ዩ።

ዝኾነ ኾይኑ እቲ ሐዚ ዝገብሮ ዘሎ ጎስጓስ ብፍላይ ንመናእሰይ ትግራይ ናይ መወዳእታ ጥፍኣት ከይኸውን መንእሰይ ባዕሉ ኣብ ህይወቱ ክውስን ይግበኦ። ተዘይኮይኑ እዞም ውልቀ መራሕቲ ከምቲ ቕድሚ ሐዚ እናገበርዎ ዝመፁ ክሳራ ኣብ ልዕሊ ክሳራ ብምድዕናን ህልውና ትግራዋይ ኣብ ኣዝዩ ኣፀጋሚ ብርኪ ክበፅሕ ከም ዝገብርዎ ካብ ናይ ትማሊ ተመኩሮ ምርኣይ ይከኣል።

መንእሰይን ህዝቢ ትግራይን ዋላኳ ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ዝኾነ ፀገም ይግጠሞም 'ምበር መሰሎም ኣብ ኢዶም ከምዝኾነ ይርደኦም 'ዩ፤ ስለዝኾነ ድማ ኣፍቲ ሐዚ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ ጥፍኣት ኸይሳተፉን ንምንታይ ዝብል ሕቶ ከልዕሉን ይግበኦም።

ህዝቢ ትግራይ እስካዕ ሐዚ ብሰንኪ ጉጅለ ህወሓት መስዋእትን መቑሰልትን እናኸፈለ ፀኒሑ 'ዩ። ብፍላይ ድማ ኣብዚ ሐዚ እዋን ብዝገደደ መልክዑ ኣብ ስቓይ ይርከብ ስለዝኾነ ድማ ይኣክል ክብል ይግባእ ምኽንያቱ ረብሓ ስለዘይርከቦን መገዲ ጥፍኣት ስለ ዝኾነን 'ዩ።

# እዋናዊ ዛዕባ



# መልእኽቲ እንኳዕ ኣብፀሐኩም

## ቀዳማይ ሚኒስትር ዶክተር ኣብይ ኣሕመድ

**ቀዳማይ ሚኒስትር ኣቢይ ኣሕመድ በዓል ዒድ ኣልፈጥር ምኽንያት ብምግባር መልእኽቲ እንኳዕ ኣብፀሐኩም ኣመሓላሊፎም። ሙሉእ ትሕዝቶ እቲ መልእኽቲ ከምዚ ዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ፡-**

**እንኳዕ ንበዓል ዒድ ኣልፈጥር ብሰላም ኣብፀሐኩም!**

ፈጣሪ ንደቂ ሰባት ሓጎስ ክብል ዝሃቦ በዓል ዒድ መላእ ህዝቢ ሙስሊም ብሓጎስ የኽብሮ። ፍልፍል ሓጎሱ ምብላዕ ምስታዩ፣ ምኽዳንን ምግያፁን ኣይኮነን፤ ካብ ንባዕልኻ ሓሊፍካ ንኻልኦት ብሓድነት ምሕላፍ ‘ምበር። ህዝበ ሙስሊም ዘለዉዎ ሰናይ ነገራት ሒዞ ሕድ ሕዱ እነተሓታተተ፣ ሓድነቱን ምትሕብባሩን ዘርእየሉ፣ ዘለዎ ካብ ዘይብሉ ዝርደኦሉ፣ ዝረኸበ ምስ ዘይረኸበ ምግቢን ፍቕሪን ተኻፊሉ ዘሕልፈሉ ዕለት ‘ዩ። እዞም ክብሪታትን ትርፊታት እቲ በዓልን ካብ ተኸተልቲ እቲ እምነት ሓሊፉ ንካልኦት እውን ክተርፉ ዝኽእሉ ‘ዮም።

ሙስሊም ካብ ዒድ ኣቐዲሙ ወርሒ ሙሉእ ካብ ክፍኣት ርሒቑ ግርህና ይለምድ፤ ካብ ዓለማዊ ተግባር ርሒቑ መልኣይካታት ይመስል። መላእኽቲ ኣይበልዑን፣ ኣይሰትዩን፤ ብፍፁም ልቦም ትእዛዝ ፈጣሪ ይፍፅሙ። ህዝበ ሙስሊም ‘ውን ኣብ ወርሒ ሮመዳን ካብዚ ዝተፈለየ ኣይገብርን። እቲ ወርሒ ኣላህ (ሰወ) ኣዚዩ ክባር ህያቡ ዝሃበሉ፣ ቁርዓን ናብ መሬት ዝወረደሉ፣ በሪታት ጀሃነም ተዓፂዮም በሪታት ጀነት ዝተኸፈቱሉ፣ ኣማኒ ከም እምነቱ ፅንዓትን ከም ኣላህ (ሰወ) እዝነት ምናዳታት ዝረኸበሉ ዝተቐደሰ ወርሒ ‘ዩ።

ብኣማኒ ቁርዓን ምስ ፈጣሪ ተዘራሪቡ፤ ዝሕሾ መገዲ ህይወት መሪፁ ከም ትእዛዝ ፈጣሪኡ ንምንባር ዕድል ረኺቡ። ብስግደት፣ ፀሎት፣ ብሰናይ ተግባርን ብእዝነትን ናብ ፈጣሪ ቀሪቡ ብፅሞና ዝሓስበሉ፣ ኩሉ ንባዕሉ ዝምዝነሉ ዝተባረኸ እዋን ‘ዩ ረመዳን። በዚ ምኽንያት ወርሒ ረመዳን እንትዛዘም ህዝበ ሙስሊም እቲ ወርሒ ተወዲኡልና ካብ ምባል ተወዲኡና ምባል የቐድም። እዚ ቅዱስ ወርሒ ኣብ ውሽጢ ህይወቱ ዳግም ዝመፅኣሉ ኣጋጣሚ ኣናናፈቐ ይፀንሕ። ነዚ ‘ውን ‘ዩ ወርሒ ረመዳን ብተኸተልቲ እምነት እስልምና ኣዚዩ ዓቢዩ ቦታ ካብ ዝወሃቦም ኣዋርሕ ቀዳማይ ዝኾነ። ፆም ረመዳን ደሚቑ ከምዝጀመረ ብድምቀት ተዛዚሙ እነሆ ንበዓል ዒድ ኣልፈጥር ኩላትና እንኳዕ ኣብፀሐና!

ናይዚ ዓመት ረመዳን ኣብ ሞንጎ ኢትዮጵያውያን ፍቕሪን ሓድነትን ዝተረኣየሉ ኮይኑ ብምሕላፉ ካብ ማንም እዋን ዝተፈለየ ተገይሩ ብታሪኽ እናተዘከረ ክነብር ‘ዩ። ካብ ዒድ ናብ ዒድ ዝተብሃለ ሃገራዊ ምንቅስቓስ ብዙሓት ካብ መላእ ዓለም ተኣኻኺቦም ናብ ገዛ ኣዴታቶም፣ ብወገኖም ንኽሕልፉ ዕድል ፈጢሩ ‘ዩ። ካብ ከተማና ጀሚሩ ኣብ ክልል ከተማታትን በቢመዓልቱ ብዝተዳለወ መርሃ ግብሪ ዒፍጣር ጎደና ወዲ ተባዕታይ፣ ጓል ኣንስተይቲ፣ ሙስሊም-ክርስቲያን፣ ዓቢዩ ንኡሽተይ ሕብረትን ሓድነቱን ኣርኢዩ ‘ዩ። ኢትዮጵያ ‘ውን ብደቃ ሕውነት ደስ ኢሉዋ ‘ዩ።

ፈጣሪ ‘ውን ዝደልዮ እዚ ‘ዩ። ኣብ ቅዱስ ቁርዓን ብግልፂ ከምዝሰፈረ “ልብኹም ዝሰበሩ ፀላእትኹም ዋላ ይኹኑ ብፈቓድ ኣላ ኣሕዋትኩም ክኾኑ ይኽእሉ ‘ዮም” ብምባል ኩሉ ወዲ ኣዳም ብሓድነት እንተይተኸፋፈሉ ንኽኣምኑ፣ ፈጣሪ ዝገበረሎም ንኽዝክሩ፣ ኣብ ሞንጎ ደቂ ሰባት ፍቕሪን ምርድዳእን ከምዝድሊ ኣጥቢቑ ይገልፅ። ዝኾነ ይኹን ኣፈላላይ ሓሳብ የሃልወና፣ ብባህሊን ብወግዒን ብቛንቋ ብልማድ ንፈላለ፣ ሕድሕድና ንኽንተሓሳሰብ ትእዛዝ ፈጣሪ የተሓሳስብ ‘ዩ። “ኢድ ኣላህ እክብ ኢሎም ብሓድነት ኣብ ዝቖሙ ሰባት ይርከብ” ዝብል ኣስተምህሮ እቲ እምነት ነዚ ፅቡቕ መርኣያ ‘ዩ።

### ክቡራት ወገናተይ

ብንኡሽተይን ዓቢዩን ባእሲ ዝቕስቅሱ ኣእዳው ሰይጣን ኣብ ዝበዝሑሉ እዋን ካብ ኩልና ትፅቢት ዝግበር ትዕግስቲን ህድእ ኢልካ ነገራት ብፅሞና ምምርማር ‘ዩ። ህይወት ነቢዩ መሓመድ (ሰዓወ) ኣጥቢቑ ከምዘገንዝቦ ዝተመነዩዎ ንምጭባጥ፣ ካብ ዝኾነ ይኹን ንላዕሊ ርግእ ኢልካ ምሕሳብ ይሓትት።ምስልሳልን ትዕግስቲ ይሓትት። ኣብ ሓዲሶም ከምተጠቕሰ ምፅዳፍን ቾኮላን ናይ ሰይጣን እንትኾን ምስልሳልን ትዕግስትን ግና ናይ ኣላህ’ዮም ኢሎም’ዮም። ኣብ ቁርዓን ‹‹ኣላህ(ሰወ) ትእግስተኛታት ይፈትው››ተባሂሉ ተፃሒፉ’ዩ። ነቢዩ’ውን ብካሊእ ሓዲሶም‹‹ማንም እንተኾነ፣ ካብ ትዕግስቲ ዝበለፀን ዝሓሸን በረከት ክረክብ ኣይኽእልን›› ምባሎም ተጠቒሱ’ዩ። ዝተዓገሰ ሰብመስነ ስርዓት ይህልዎ። ንባዕሉ ንምምዛንን ካልኦት ንምርኣይ ፅሞና የድልዮ። ነብዩ መሓመድ(ሰዓወ)ንሓደ ሰዓት ዝኣክል ንባዕልኻ ብፅሞና ምርኣይን ምምዛንን 70 ዓመት ካብ ምፅላይ ዝበለፀ ዋጋ ከምዘለዎ ንተኸተልቶም ኣምሂሮም’ዮም። ንሕና ‘ውን ከም ህዝቢ ንፍትውቲ ሃገርና ብፅሞና ንኽንፅሊ፣ ብሚዛናዊ ምልከታ ንኽንስጉም፣ ንባዕልና ንሰናይ ተግባር ክንግዛእ፣ ኣእዳው ሰይጣን ብትዕግስቲን ብምስትውዓልን በትሪ ንኽንረትዕ ኣጥቢቑ ይሓትት።

ሃገር ምህናፅ ኣዝዩ ከቢድ ድኻም ዝሓትት ምዃኑ ኩላትና ንርዳእ።ብዓረብኛ‹‹ዝለዓለ ቦታ ምብፃሕ ዝደሊ እንተሃልዩ ብዙሕ ሸሕ ለይትታት ከይደቀሰ ክሕልፍ ኣለዎ›› ዝብል ወርቃማ ኣበሃህላ ኣሎ። ንሕና’ውን ካብ ካልኦት ዘይጠቕሙ ነገራት ንባዕርስና ቆጢብና፣ ፍልጠትን ዓቕምናን ናብ ዝለዓለ ቦታ ንምብፃሕ ነውዕሎ። ኢትዮጵያ ግና ሐዚ ካብ ኹናት ዝወፅአት ሃገር’ያ። ቅድሚኡ ኣምበጣን ኮሮናን ፅዕንቶ ኣሕዲሩልና ነይሩ። ንሱ ከይኣክል ድርቂ ቁፅሩ ቀሊል ዘይኮነ ወገናትና ምሒር ጎዲኡ ኣሎ።መንግስቲ ዝኽእሎ ኩሉ ይገብር። ንስኻትኩም’ውን ንህልውና ሃገር እንትብሉ ንዝተሰውኡ ጀጋኑ ናብ ሂወት ምምላስ ተዘይከኣልኩም’ኳ ብሂወት ንዘለው ምሕጋዝ፣ ስድራኦም ምድጋፍ ይግበኣኩም። ብዛዕባ ምርድዳእ ንህዝበ ሙስሊም ምንጋር ንቐባሪ ምረዳእ ተገይሩ ከምዝቑፀር ይፈልጥ። ስለዝኾነ ድማ ሰብ ካብ ሰብ ዘይፈለኹም፣ እከለ ሙስሊም ‘ዩ ክርስቲያን ‘ዩ ዘይበልኩም፣ ካብዚን ካብቲን ወገን ‘ዩ ኢልኩም ንሓደ ካብቲ ካሊእ ዘይፈለኹም ዓቕምኹም ዝፈቕዶ ብምግባር ንዝተጎድኡ ወገናትኩም ንኽትበፅሑሎም ብትሕትና ይሓትት።

ብድርቂ ይኹን ብጎንፂ ዝተሰደዱ ወገናት ናብ መረበቶም ንኽምለሱ ንሓግዞም። ካብ ስረሖም ንዝተመዛበሉ ስራሕ ንፍጠረሎም። ገዛ ንዝዓነዎም ገዛ ንስረሐሎም። ከፍትታት ንዝሞቶም መርባሕቲ እንስሳን ሓረስቶትን ከም ዓቕምና ንሓግዞም። እምነት እንተይፈለና ኩልና ተሓባቢርና ዝወደቐ ወገንና ብምልዓል ንሃገርን ህዝቢን ዘለና ፍቕሪ ንዓለም ነርኢ። ባእሲ ብፍቕሪ እንትንስዕር፣ ካብ ዝወደቕናየ ተሓጋጊዝና ንምልዓል እንትንፅዕር፣ ከም ሃገር ሓሲብና እንትንገብር ሰብ እውን ፈጣሪ እውን ደስ ይብሎ። ካብ ዒድ ናብ ዒድ፣ ንኹና ዝምልከት ህዝባዊ በዓል፣ ናይ ሃገር በዓል ይኸውን፣ እቲ በዓል ብድሙቕ ኩነታት ምኽባር፣ ናይ ኩልና ድምቀት፣ ናይ ኩልና ክብሪ ከምዝኸውን ክንፈልጥ ይግባእ።

**ደጊመ እንኳዕ ንበዓል ዒድ ኣልፈጥር ኣብፀሐና፣ ኣብፀሐኩም!!**

**ዒድ ሙባረክ**

**ኢትዮጵያ ብደቃ ፃዕሪ ተሓፊራን ተኺቢራ ንዘልኣለም ትንበር!!**

**ፈጣሪ ኢትዮጵያን ህዝባን ይባርኽ!**

**23 ሚያዝያ 2014 ዓ.ም**

# ዕዱም ጋሻ

# «ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ ሐዚ ናብ ኵናት ኣይንኣቱን ይኣኽለና ክብል ኣለዎ»

- ኣይተ መኮነን ዘለለው

መኣርግ ገ/ሄር

**ኣይተ መኮነን ዘለለው ነባር ተጋዳላይ ህወሓትን መስራቲ ትግራይ ዴሞክራሲያዊ ፓርትን (ትዴፓ) ‘ዮም። ኣብ ክልል ትግራይ ዞባ ምዕራብ ወረዳ ወልቃይት ዝተወለዱ እንትኾኑ ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ‘ዮም ተማሂሮም። ካልኣይ ብርኪ ምስ ወድኡ ድማ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮሌጅ መሰልጠኒ መምህራን ኮተቤ ተመሪቖም ኣብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ብሞያ መምህርነት እናምሀሩ እናሃለዉ ኣብቲ እዋን ንዝነበረ ዓፋኒ ስርዓት ንምቅላስ ናብ ገድሊ ህወሓት ብምፅምባር ዝተወሰነ ዕድመኦም ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ‘ዮም ኣሕሊፎሞ። ኣብ ከይዲ ምስ ህወሓት ናይ ዕላማ ፍልልይ ስለዘጋጠሞም ካብቲ ውድብ ብምውፃእ ኣብ ኣሜሪካ ከይዶም ምስ ከምኦም ዝበሉ ብፃቶም ኮይኖም «ትግራይ ዲሞክራስያዊ ምትሕብባር» ዝብል ውድብ ብምምስራት ሰላማዊ ቃልሲ ከካይዱ ብምፅናሕ ኣብ ኢትዮጵያ ለውጢ ምስመፀ ናብ ሃገሮም ብምምላስ ምስ ከምኦም ዝበሉ መቓልስቶም ብሓባር ኣብ ዝመስረትዎ «ትግራይ ዲሞክራሲያዊ ፓርቲ» ኮይኖም ምእንተ ፍትሒ ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ህወሓት ኣብ ሰላማዊ ቃልሲ እናነጠፉ ይርከቡ። እምባኣርከስ ክቡራት መንበብቲ ጋዜጣ ወጋሕታ፣ ኣይተ መኮነን ዘለዎም ናይ ነዊሕ ዕድመ ፖለቲካዊ ተሞክሮን ልምድን ከካፍሉና ኣብ ወድዓዊ ፖለቲካዊ ኵነታት ትግራይ ኣድሂብና ዝገበርናዮ ፃኒሕት ከምዝስዕብ ኣቕሪብናልኩም ኣለና። ሰናይ ንባብ።**



ፎቶ እዮብ ተፈሪ

**ወጋሕታ፡- ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ትግራይ ዘሎ ሓፈሻዊ ነባራዊ ኲነታት ከመይ ይገልፅዎ?**

**ኣይተ መኮነን፡-** ኲሉ ከምዝፈልጦ ህዝቢ ትግራይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዝኸፍአ ፖለቲካዊ ቐሓልውላው ‘ዩ ዘሎ። ካብ መፈለምትኡ ጀሚሩ ናብ ኲናት ክኣቱ ኣይነበሮን። ኲናት መዕነዊ ‘ዩ፤ ብሓፈሻ ምዕባለ ህዝቢ ንድሕሪት ዝጎትት ‘ዩ። ሂወት ሰብ ‘ውን ዝበልዕ ‘ዩ። ንሕና ከም ትዴፓ እቲ ኲናት ከይጅመር ህወሓት ምስ መንግስቲ ፌዴራል ተረዳዲኡ ክኸይድ ኢና ንፅበ ነይርና። ግና እቲ ኲናት ክተርፍ ኣይከኣለን፤ ብሰንኪ መራሕቲ ህወሓት ህዝቢ ትግራይ ናብ ዘየድሊ ኲናት ኣትዩ ‘ዩ።

ህወሓት ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ፀገማት ኣብ ዙርያ ጠረጴዛ ብልዝብ ምፍታሕ ኣይፈልጥን። ባህሪኡ ዕንቕፅና ዝተመልአ ‘ዩ። ኲሉ ነገር ብቕልፅም ክፍታሕ ኣለዎ ኢሉ ‘ዩ ዝኣምን። ክሳብ ሕዚ በዚ ‘ዩ ዝቕፅል ዘሎ። 17 ዓመት ምስ ደርጊ ኲናት ኣካይዱ ‘ዩ፤ ካብዚ ህዝቢ ትግራይ ተጎዲኡ እምበር ኣይተጠቐመን። ብተመሳሳሊ ምስ ኤርትራ ‘ውን ኲናት ኣካይዱ ‘ዩ፤ ኮይኑ ግና ካብ ሕሉፍ ኲናት ኣብ ክንዲ ምምሃር መሊሱ ‘ዩ ናብዚ ኲናት እዚ ኣትዩ። በዚ ምኽንያት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ኲነታት ክወድቕ ገይርዎ ‘ዩ። ህዝቢ ትግራይ ንብረቱ ስኢኑ፤ ደቁ ገቢሩ፤ ደቒ ኣንስትዮ ተደፊረን፤ ኣዴታት ስኣን ሕክምና ኣብ ወሊድ ይሞታ ኣለዋ፤ ህፃውንቲ ብሰንኪ ጉድለት ምግቢ ከምኡ ‘ውን ሕዱር ሕማም ዘለዎም ሰባት ብምኽንያት ሕፅረት መድሓኒት ይሞቱ ኣለዉ።

ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ህወሓት ምግብን መድሓኒትን ስኢኑ ኣደዳ ሕማምን ሞትን ይኸውን ኣሎ ‘ዩ። ናብ ጎረባብቲ ክልላት ‘ውን ይስደድ ኣሎ። ምስ እዚ ኲናት እዚ ተተሓሒዙ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዘይበፅሐ ግፍዒ የለን። ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ከቢድ ፀገም ‘ዩ በፂሕዎ። ስኣን ሕክምና ሕሙማት ተሓኪሞም ክድሕኑ ዝኽእሉ ዝነበሩ ይሞቱ ኣለዉ ‘ዮም።

ጎረቤት ክልላት ከይረድእዎ ‘ውን ኮነ ኢሉ ኣባኢስዎ ‘ዩ። ይኹን ‘ምበር ህዝቢ ኣምሓራ ተማዛቢሎም ዝመፁ ተጋሩ ተቐቢሎ የተኣናግዶም ኣሎ ‘ዩ። እዚ ክነኣድ ዝግበአ ተግባር ‘ዩ። ህዝቢ ሓቢሩ ምንባሩ ስለ ዘይቐርዮ ክተሓጋገዝ ‘ዩ ዘለዎ። ካልኦት ለገስቲ ትካላት ‘ውን ዝህብኦ ዘለዋ ሰብኣዊ ሓገዝ ኣጣናኺረን ክቕፅላሉ ኣለወን። ምኽንያቱ ሕዚ ዝኣቱ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝ ብጣዕሚ ውሑድ ‘ዩ፤ ንኹሉ ህዝቢ ክበፅሖ ዝኽእል ኣይኮነን።

ኣብቲ ምዕዳል ሰብኣዊ ሓገዝ ድማ እቶም ሰብኣዊ ሓገዝ ዘቕርቡ ኣካላት በዓሎም ኣትዮም ናብ ህዝቢ ዝበፅሕ ምህላዉ ክከታተሉ ኣለዎም። ምኽንያቱ ህወሓት በዓሉ ፀገም እናፈጠረ ካብቲ ፀገም ክርባሕ እዩ ዝደሊ። ክብል ዝደለኹ ህዝቢ ጠምዩ ተባሂሉ ንህዝቢ ዝኣቱ ዘሎ ሓገዝ እኽሊ ይኹን መድሓኒት ብቐዳምነት ንበዓሉን ደገፍቱን እዩ ዘውዕሎ ዘሎ። ህወሓት በዓሉ ካብ ዝፈጥሮ ፀገም ምጥቃም ሕዚ እንተይኮነ ጀሚርዎ ምስ ደርጊ ብረታዊ ቃልሲ የካይደሉ ኣብ ዝነበረ እዋን ጀሚሩ እዩ።

**ወጋሕታ፡- ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ገጢምዎ ዝነሀ ፀገም ንኽወፅእ እንታይ ክግበር ኣለዎ ይብሉ?**

**ኣይተ መኮነን፡-** ህወሓት ሃገር እናመርሐ ኣብዝነበረሉ እዋን ጀሚሩ ልዕሊ 1 ነጥቢ 8 ህዝቢ ትግራይ ኣብ ሴፍቲኔት ‘ዩ ተሓቝፉ ይነብር ነይሩ። እቲ ሕዚ ተፈጢሩ ዘሎ ፀገም፣ ህዝቢ ትግራይ ቕድሚ ሕዚ ኣብ ድኽነት ስለ ዝፀንሐ ‘ዩ ክፃወሮ ዘይከኣለ። ናይዚ ፀገም እዚ መበገሲ ህወሓት ‘ዩ። ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ዝጠቕም ውድብ ኣይኮነን። ካሊእ ሙሁር ንህዝቢ ትግራይ ዝጠቕም ናብ ስልጣን ክመፅእ ኣለዎ። ብፍላይ ኣብደገ ዘሎ ሙሁር ትግራዋይ ህዝቢ ትግራይ ዝቖፃፀሮ ኣመራርሓ ክህሉ ክቓለስ ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ናፃነቱ ዝረክብ ብምምራፅ ኣቢሉ ‘ዩ። መራሕቱ በዓሉ ናፃ ኮይኑ ክመርፅ እንተዘይ ክኢሉ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ዝፍታሕ ኣይኮነን። ከግልግሎ ዝኽእል መሪፁ ክመሓደር ኣለዎ። ህወሓት ህዝቢ ትግራይ መሪፁኒ ‘ዩ ዋላ ይበል ከምቲ ኣብ ፌዴራል ኮይኑ ዝገብሮ ዝነበረ ዓይነት ምጭብርባር መረፃ ‘ዩ ተጠቒሙ ተመሪፀ ዝብል ዘሎ። ቅድሚኡ ካብ ዝገብሮም ዝነበሩ መረፃታት ምንም ዝፍላለ ኣይነበረን። ህዝቢ ትግራይ ናፃነት ክሳብ ዝረክብ ክቓለስ ኣለዎ። ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት ‘ውን ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ኮይኖም ፀገሙ ክርድኡሉ ኣለዎም።

**ወጋሕታ፡- ኣመራርሓ ጉጅለ ህወሓት ኣብ ቀረባ እዋን ምስ ምሁራት ዝገበርዎ ምይይጥ ተባሂሉ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝተዘርገሐ ድምፂ፣ ኣብ እዋን ኹናት እኹል ስልጠና ዘይነበሮ መንእሰይ ይጥቀሙ ከምዝነበሩን፣ ሐዚ‘ውን ንኹናት ይዳለዉ ከምዘለዉን ‘ዩ ዘመልክት። ከምኡ ‘ውን ነቲ ፀገም ብውግእ ክንፈትሖ ኢና ‘ዮም ዝብሉ። እስቲ ኣብዚ ዘለዎም ርኢቶ ይግለፁልና?**

**ኣይተ መኮነን፡-** ህወሓት ካብ ሓደ ወርሒ ዘይበልፅ መናእሰይ ኣሰልጢኑ ናብ ኲናት ክኣትዉ ምግባር ማለት ንህዝቢ ትግራይ ዘይሓስብ ውድብ ምዃኑ ‘ዩ ዘሪኣካ። እንደጋና ነቲ ዘሎ ፀገም ብሓይሊ ክፈትሖ ‘የ ማለቱ ካብ ኣመፃፅኡኡ ጀሚሩ ብሓይሊ ስለ ዝኣምን ‘ዩ። ቕድሚ ሕዚ ከም ኣጋጣሚ ኮይኑ ብዙሓት ውድባት ብሓይሊ እናጨፍለቐ ‘ዩ መፂኡ። ሕዚ ‘ውን ከምዚ ‘ዩ ዝኣምን። ፀገም ብሰላም ዝፍታሕ ኣይመስሎን።

ንስልጣኑ ክብል መዓት መናእሰይ ‘ዩ ዘውድአ ዘሎ፤ ብዙሕ ሰራዊት ፀላኢ ደምሲስና እናበሉ ንሕና ግና ኣይሞተናን ‘ዮም ዝብሉ፤ መስዋእቲ እንተይኸፈልካ ከመይ ገይርካ ፀላኢ ከትድምስስ ትኽእል? ህወሓት መናእሰይ እኹል ስልጠና ከይወሰዱ ናብ ኲናት ዝዳጉኖም ዘሎ ምኽንያት ድማ ንስልጣኑ ጥራሕ ‘ምበር መንእሰይ ትግራይ ይወዳእ ኣይወዳእ ዘጨንቖ ኣይኮነን። መንእሰይ ትግራይ የሀልቕ ‘ዩ ዘሎ። ድሌት ህወሓት ስልጣን ‘ምበር ብዛዕባ መንእሰይ ትግራይ ብኹናት ምፅናት ዘጭንቖ ኣይኮነን።

ካብ መጀመርያ ጀሚሩ ህወሓት ካብ ኣዲስ ኣበባ ብህዝቢ ተተፊኡ ምስከደ መኸተ እናበለ ንባዕሉ ክብል ህዝቢ ትግራይ ኣብ ኲናት ክኣቱ ‘ዩ ገይርዎ። ህወሓት ኩሉ ግዜ ንህዝቢ ትግራይ ንኹናት ‘ዩ ዝጥቐመሉ። ዘይሰልጠነ

# ዕዱም ጋሻ

መንእሰይ ገፊጥካ ናብ ኩናት እናኣተኻ ክውዳእ ምግባር እዚ ዕብዳን ‘ዩ። ሕዚ ‘ውን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ፀገሙ እናገፈፈ ‘ዩ ንኹናት ዘዳልዎ ዘሎ።

እዚ ውድብ ፀገም ብሰላም ዝፍታሕ ምኗኑ ኣይፈልጦን፤ እቲ ፀገም ብሰላም ክፍታሕ ክገብር ነይርዎ፤ ግና ኣይገበሮም። መራሕቲ ህወሓት ምይይጥ ዝባሃል ኣይኣምንሉን። ህወሓት ኣብ ክንዲ ሓድነት ኢትዮጵያውያን ክጥንክር ምግባር ክልሕልሕ እናገበረ ‘ዩ መፂኡ። ሓቢርካ ምንባር ኣይፈልጥን። ሰላም ክመፅእ ዝኽእል ብምይይጥ ‘ዩ ‘ምበር ብኹናት ኣይኮነን። ህወሓት ግና ሰላም ክመፅእ ዝኽእል ብኹናት ‘ዩ ዝመስሎ። ህዝቢ ትግራይ 17 ዓመት ተቓሊሱ ፍትሒ ይኹን ሰላም ዝበሃል ኣይረኸበን። ምዕባለ ኣይረኸበን። ሕዚ ‘ውን ነዚ ፀገም እዚ መፍትሒኡ ምዝርራብ ‘ምበር ኩናት ኣይኮነን።

ንህወሓት ንምድሓን ተባሂሉ ‘ዩ ናብዚ ኩሉ ፀገም ተኣትዩ። ኮይኑ ግና ህወሓት ፀገም ህዝቢ ትግራይ ሓንቲ መዓልቲ ናብ ሕሊንኡ ኣእትይዎ ኣይፈልጠን። ህወሓት ንምድሓን ህዝቢ ትግራይ ተዝኾን ነይሩ ናብ ኩናት ኣይምኣተወን ነይሩ። ንህዝቢ ዝሓስብ ተዝኸውን ነይሩ ምእንቲ ህዝቢ ኢሉ ስዕረቱ ክቕበል ነይሩ ‘ዩ። ስለዚ ህወሓት ነቲ ፀገም ብኩናት ክፈትሖ ‘የ ምባሉ ከም እንደጋና ንህዝቢ ናብ ዝበኣሰ ፀገም ከእትዎ ‘ምበር ነቲ ፀገም ክፈትሖ ኣይኽእልን ‘ዩ። ከምኡ ‘ውን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ይኹን ህዝቢ ኢትዮጵያ ተወሳኺ ጉድኣት ዘምፅእ ‘ምበር ካሊእ ትርጉም ኣይህልዎን።

**ወጋሕታ፡- ኣብ ሆስፒታላት ትግራይ ብሰንኪ ሕፅረት ኣፋውስ ብዙሕ ህዝቢ እናሞተ እናሃለወ ኣብ ኣብያተ ኣፋውስ ግና እኹል ኣፋውስ ከምዘሎን ‘ዩ ዝሕበር፤ እቲ ምኽንያት ድማ ብሰገስቲ ኣካላት ዝኣትው ኣፋውስ ህወሓት እናተቐበለ እናሸጦ ከምዝኾነ ‘ዩ ዝሕበር። ኣብዚ እንታይ ርኢቶ ኣለዎም?**

**ኣይተ መኮነን፡-** እዚ ሓቒ እዩ፤ ዶክተር ኣረጋዊ ሓጎስ ኣብ ሆስፒታል ዓይደር ዝሰርሕ ዝነበረ ሙሁር ትግራዋይ ኣብ ቐረባ እዋን ናብ ኣዲስ ኣበባ መፂኡ ነዚ ኣረጋጊፁ ‘ዩ። ኣብ ሆስፒታላት ብሰንኪ ሕፅረት ኣፋውስ ብዙሕ ሰብ ከምዝመውት ‘ዩ ዝዛረብ። ኮይኑ ግና ኣብ ፋርማሲታት ኣለዉ ‘ዮም ኢሉ ‘ዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ከምዝፍለጥ ህወሓት ናይ በዓሉ ጥቕሚ ንምሕላው ክብል እቲ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዝ ንውልቒ ትካላት ኣብያተ ኣፋውስ ስለ ዝሸጦም ‘ዩ። ምስ እዞም ኣካላት እዚኦም ብጥቕሚ ምትእስሳር ስለ ዘለዎ ‘ዩ። ህወሓት ብዛዕባ ፀገም ህዝቢ ዝግድሾ ኣይኮነን። እዚ ንህወሓት ሓዱሽ ኣይኮነን ቕድሚ ሕዚ ‘ውን ከምዚ ይገብር ነይሩ ‘ዩ።

ህወሓት ምሻጥ ጥራሕ ኣይኮነን ምዝራፍ ‘ውን ስርሑ ‘ዩ። ኣብ ዝኣተዎም ቦታት ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ብዙሕ ዘሪፉ ‘ዩ፤ ዓመፅ ደቂ ኣነስትዮ የካይድ ከምዝነበረ ‘ውን ተገሊፁ ‘ዩ። እዚ ምስ ህዝቢ ትግራይ ‘ውን ኮነ ኢሉ ንምፅላእ ‘ዩ። ሕዚ ድማ ዝኣቱ ዘሎ ኣፋውስ ንካድረታት ህወሓት ብምሻጥ፣ ንህዝቢ ግና መድሓኒት የለን እናተባህለ ኣብ ከቢድ ፀገም ክወድቕ ‘ዩ ዝገብር ዘሎ። ስለዚ መድሓኒት ተሳኢኑ ኣንተይኮነስ ንውልቀ ካድረታት ህወሓት እናሸጦ ስለ ዝኾነ ‘ዩ። ስለዚ ህወሓት ብሰንኪ ሕፅረት ኣፋውስ ህዝቢ ትግራይ እናተሞተ ንውልቕ ካድረ ነጋዶ ምሻጥ ማለት ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዘሎዎ ጭኻነት ‘ዩ ዘሪኣካ። ህዝቢ ትግራይ ግና ብኹሉ ‘ዩ ዝጉዳእ ዘሎ። ህወሓት ብሽም ህዝቢ ትግራይ እናሸቐጠ ዝነብርን ንህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ዝቓለስ ዘሎ ውድብ ‘ዩ።

**ወጋሕታ፡- ህወሓት ደጊሙ ኩናት ብምውሳዕ ንህዝቢ ትግራይ ናብ ዝበኣሰ ፀገም ከየእትዎ ካብ ህዝቢ ትግራይ እንታይ ትፅቢት ይግበር?**

**ኣይተ መኮነን፡-** ህዝቢ ትግራይ ድሕሪ ሕዚ ናብ ኩናት ኣይንኣቱን ይኣኽለና ክብል ኣለዎ። ህዝቢ ዘዋፅኦ ክማኽር ኣለዎ።ዝጠቕሞን ዘይጠቕሞን በዓሉ ፈልዩ ይፈልጥ ‘ዩ። ህወሓት ኣይኮነን ዝውስነሉ። በዓሉ መራሕቱ ዝመርፀሉ መንገዲ ከመዓራሪ ኣለዎ። ብፍላይ ሙሁር ትግራዋይ ክሓስብ ኣለዎ። ሰላም ከመይ ገይርና ኢና ክነምፅእ ንኽእል ብምባል ክመክርን ክሓስብን ኣለዎ። ህዝቢ ዝጠቕሞን ዝእዝዞን መራሒኡ ከቕምጥ ይግባእ። ድሕሪ ሕዚ ህወሓት ከማሓይሽ ኣይኽእልን።ህዝቢ ትግራይ ክሳብ ሕዚ ብህወሓት ዝተገዝአ ይኣኽሎ ‘ዩ። እዚ ውድብ እዚ ብዙሕ ገበን ፈፂሙ ስለ ዝኾነ ተሓታቲ ‘ዩ።

**ወጋሕታ፡- ብሓፈሻ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ክፍታሕ ወይ ሰላም ክረክብ እንታይ ክግበር ኣለዎ?**

**ኣይተ መኮነን፡-** ፀገም ህዝቢ ትግራይ ንኽፍታሕ እንተኾይኑ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ህዝቢ ትግራይ ኣጋጢምዎ ዘሎ ፀገም ክርደኣሉ ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ኢትዮጵያዊ ‘ዩ፤ ንኢትዮጵያ ብዙሕ ዋጋ ከፊሉ ‘ዩ። ንናፅናት ኢትዮጵያ ክብል ዓፅሙ'ን ደሙ'ን ዝኸስከሰ ህዝቢ ‘ዩ። ስለዚ ኩሉ ኢትዮጵያዊ ኣብ ጎኒ ህዝቢ ትግራይ ጠጠው ክብል ኣለዎ። ኣብዛ ፀባብ እዋን እዚኣ ክሕግዞ ኣለዎ።ተመዛቢሉ እንተመፂእዎ ‘ውን ክቕበሎ ኣለዎ። ወገኑ ስለ ዝኾነ ክሕብሕቦ ‘ዩ ዝግባእ። ኢትዮጵያ ከትህነፅ እትኽእል ብኸምዚ ‘ዩ። ንዘመናት ብሓደ ዝነበረ ህዝቢ ብዘይረብሕ ፖለቲካ ክፃላእ የብሉን። ህዝቢ ትግራይ መን ‘ዩ ፀላኢየይ ኢሉ ክፈልጥ ኣለዎ። ፀላኢኡ ብምፍላጥ ንሰላም፣ ናፅናትን ፍትሕን ተወዲቡ ክቓለስ ኣለዎ።

ሰላም ክፍጠር እንተኾይኑ ኣብ ፖለቲካዊ ንጥፈታት እቲ ቐንዲ በዓል ጉዳይ ዝኾነ ህዝቢ ትግራይ ክሳተፍ ኣለዎ። በዓል ጉዳይ ድማ ህወሓት ዘይኮነስ ህዝቢ ትግራይ ‘ዩ። ሕዚ ኣብ ትግራይ መንግስቲ ዝበሃል የለን። ህወሓት እንተይልና ናይ መንግስቲ ቕርፂ የብሉን። ህዝቢ በዓሉ ‘ዩ ዝመሓደር ዘሎ። ንህዝቢ ትግራይ ዝኾነ ካድረ ‘ዩ ዝእዝዞ ዘሎ። ፍትሒ፣ ዳኝነት፣ ሕክምና፣ እኹል ምግቢ፣ ትምህርትን ካልኦት መንግስታዊ ግልገሎታትን ኣይረክብን ዘሎ። ህዝቢ ነዚኦም ዘይረክብ እንተኾይኑ መንግስቲ ኣሎ ክትብል ኣይትኽእልን። ምይይጥ ምስ ህዝቢ ‘ዩ ክኸውን ዘለዎ። ህዝቢ ንኽመያየጥ ድማ ዕድል ክረክብ ኣለዎ። እቲ ምይይጥ ህወሓት ብዝጥቕመሉ እንተኾይኑ ሰላም ክመፅእ ኣይኽእልን። ስለዚ በዓል ጉዳይ ህዝቢ ትግራይ ስለ ዝኾነ ክመያየጥ ዘሎዎ ህዝቢ ትግራይ ‘ምበር ህወሓት ኣይኮነን። ነዚ ድማ መንግስቲ ፌዴራል ከመቻችው ኣለዎ።

**ወጋሕታ፡- ኣብ መወዳእታ ክቐሪ የብሉን ዝብልዎ መልእኽቲ እንተሃልይዎም ዕድል ክህቦም፤**

**ኣይተ መኮነን፡-** ህወሓት ኣብ ነንርእስና ቒም እናፈጠረ መፂኡ ‘ዩ፤ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ሕማቕ ኣራኣእያ ክፍጠር ገይሩ ‘ዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ነዚ ቕርሕንቲ እዚ ህወሓት ዝፈጠሮ ምኳኑ ተረዲኡ ህዝቢ ትግራይ ሓዉ ምኳኑ ፈሊጡ ካብቲ ገጢምዎ ዘሎ ፀገም ሓራ ዝወፅሉ ኩነታት ክፈጥር ኣለዎ። ክሕግዞ ኣለዎ። ኩሉ ህዝቢ ኢትዮጵያ ፍትሕን መዓርነትን ዘለዎ ስርዓት ብምፍጣር ንቕድሚት ክቕፅል ኣለዎ። ሓደ ሓደ ኣኽረርቲ ብዝዛረብዎ ዘረባታት ሰሚዑ ህዝቢ ክደናገርን ክህወኽን የብሉን። ህወሓት ዝፈጥሮ ዘሎ ፀገም ከምዘለዎ ኮይኑ ሓደ ሓደ ኣኽረርቲ ኣካላት ‘ውን ኣለዉ ‘ዮም። እዞም ኣኽረርቲ ኣካላት ከም ህወሓት ኣብ መንጎ ህዝቢታት ፀገም ዝፈጥሩ ‘ዮም። መንግስቲ ድማ ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘቐያይም ዘረባታት ዝዛረቡ ኣካላት ክቖፃፀሮም ኣለዎ።

ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ፀገም እዚ ዝወፅሉ መገዲ ‘ዩ ክትሓባበር ዘለዎ። መንግስቲ ‘ውን ዓብዪ ሓላፍነት ስለ ዘለዎ ህዝቢ ትግራይ ዝድሕነሉ መገዲ ክፈጥር ኣለዎ። ኣብዚ እዋን እዚ ግና ትግራዋይ ኣብ ክንዲ ምሕጋዝ ብጌጋ ጥርጡር ዝኾነሉ ኩነታት ኢና ንርኢ ዘለና። እዚ ክስተኻኸል ‘ዩ ዝግበኦ። ብዙሕ ንፁህ ትግራዋይ ኣብ ስቃይ ይኣቱ ኣሎ ‘ዩ። ህዝቢ ትግራይ ነዚ ምንቕላስ መንግስቲ መንገዲ ክኸፍተሉ ኣለዎ። ክሕግዝ ‘ውን ኣለዎ። መንግስቲ ብፍላይ ምስ ካብ ትግራይ ወፃኢ ዘሎ ትግራዋ ክመክር ኣለዎ። ምኽንያቱ ኣብ ትግራይ ዘሎ ህዝቢ ኣብ ትሕቲ ህወሓት ስለ ዘሎ እቲ ዕድል ዝፀበበ ‘ዩ። በዚ ኣብ ትግራዋይ ዝበፅሕ ዘሎ ግፍዒ ፍታሕ ክረክብ ይኽእል ‘ዩ። ትግራዋይ ካብ ኩናት ዝመፅእ ጥቕሚ ስለ ዘየለ ንሰላምን ፍትሕን በርቲዑ ክቓለስ ኣለዎ።

ከምኡ ‘ውን ህዝቢ ካብ ቕርሕንቲ ናፃ ምእንቲ ክኸውን፣ ብህወሓት ይኹን ብኻልኦት ኣካላት ዝተወረሩ ንብረት ናብ ዋነኦም ክምለሱ ‘ዩ ዘለዎም። ካብ ትግራይ ዝተወረረ ናብ ትግራይ ክምለስ ኣለዎ፤ ካብ ክልል ኣምሓራ ወይ ዓፋር ዝተወረረ ንብረት ‘ውን ናብ ዋንኡ ክምለስ ‘ዩ ዘለዎ። እዚ ድማ ናይ ህዝብን መንግስቲ ፌዴራልን ሓላፍነት ‘ዩ። ህዝቢ ትግራይ ብሰንኪ ህወሓት ከም ወራሪ ክሕሰብ የብሉን።

እቶም ሊሂቃን ኣምሓሩን ተጋሩን ድማ ህዝቢ ዘቓራርብ ስራሕ ክሰርሑ ‘ዩ ዝግበኦም። ዝተወሰኑ ኣካላት ህዝቢ ምስ ህዝቢ ዘፃልእ ስራሕ ‘ዮም ዝሰርሑ ዘለዉ። እዚ ንህዝቢ ይኹን ንሃገር ጎዳኢ ‘ዩ። ብፍላይ ሕዚ ዝመፅእ ዘሎ ወለዶ ፅልኢ ሒዙ ክዓቢ ‘ዩ ዝግበር ዘሎ። ህዝቢ ትግራይ ፍቕርን ሰላምን ‘ዩ ዝደሊ፤ ኮይኑ ግና ህወሓት ካብዚ ወፃኢ ክኸውን ‘ዩ ዝገብር ዘሎ።

ህወሓት ቐንዲ ፀላኢ ህዝቢ ትግራይ ‘ዩ። ህወሓት ካብ መሪሕነቱ ተተኣልዩ ህዝቢ ትግራይ ናፃ ክወፅእ ‘ዩ። እንተዘይኮኑ እዚ ውድብ እዚ እናሃለወ እቲ ህዝቢ ኣብ ፀገም ክነብር እንተዘይኮኑ ኣይሓልፈሉን።

ደገፍቲ ህወሓት ክስተውዕሉ ኣለዎም፤ ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ናብ ገደል ‘ዩ ዘእትዎ ዘሎ ‘ምበር ኣይጠቕሞን። ማንም ትግራዋይ ህወሓት ዝኸዶ ዘሎ ኣካይዳ ክቓወም ኣለዎ፤ ኣይፉልካን ክብሎ ‘ዩ ዝግባእ። ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ደገ ዘሎ ትግራዋይ ህዝቢ ትግራይ ናብ ሰላም ዝመፅሉ ኩነታት ‘ዩ ክሰርሕ ዘለዎ ።

**ወጋሕታ፡- ንዝነበረና ፃኒሕት የቐንየልና።**

**ኣይተ መኮነን፡-** ኣነ ‘ውን የቐንየለይ።

## ህወሓት ኣብ ልዕሊ...

ካልኦት ክልላት ክወፅእ ዝተረኸበ ሰብ ስጉምቲ ክወስድ ምኳኑ ገሊፁ ‘ዩ ክብሉ ወሲኾም ኣብሪሆም።

ፓርቲ ብልፅግና ምእንተ ፍትሒ ህዝቢ ትግራይ እናተቓለሰ እናሃለወ ኣብ ትግራይ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ፓርቲታት ኣብ ጎኒ ህወሓት ኮይኖም ኣንፃር ብልፅግና ተሰሊፎም ፀኒሖም ‘ዮም፤ ይኹን ‘ምበር ሕዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፍፀም ዘሎ ግፍዒ እናተረደኦም ብምምፅኡ ቓልሲ ኣንፃር ህወሓት ጀሚሮም ይርከቡ። እዚ ድማ ኣጣናኺሮም ክቕፅሉ ይግባእ ኢሎም።

ህወሓት ንህዝቢ ትግራይ ዘይጭነቕ ፓርቲ ‘ዩ፤ ብሰንኩ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ዓብዪ ሓደጋ ‘ዩ ኣንፃላልዩ ዝርከብ፤ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከቢድ ስቓይ ‘ዩ ዘሎ። ሕዚ ንሰላሳ ዓመት ፀላኢኻ ‘ዩ እናተባህለ ናብ ዝንገሮ ዝነበረ ጎረቤት ክልላት እናተፋናቐለ ‘ዩ ዝርከብ። ብዙሕ ህዝቢ ናብ ሃገረ ኤርትራ፣ ክልል ኣምሓራን ዓፋርን ‘ዩ ዝኸይድ ዘሎ። እዚ ዘሪኣካ ድማ ህወሓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፅሞም ዘለዉ ግፍዒታት ካብ ግዘ ናብ ግዘ እናሓየለ ብምምፅኡ ‘ዩ ኢሎም።

ኣብ ትግራይ ንንቕሳቐስ ሓይልታት ሃላዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ብምቕዳም ክንቓለስ ኣለና። ኩሉ ትሕቲ ህዝቢ ‘ዩ። ህዝቢ ትግራይ ካብ ፀገም ንምውፃእ ምዝርራብ የድሊ። ብልዝብ ዝኣምን ጥቕሚ ህዝቢ ዘቐድምን ፓርቲ ክምስረት ከምዝግባእ ኣመላኺቶም።

ህዝቢ ትግራይ ንምምራሕ ዓቕሚ የብሉን። ብሓይሊ ‘ዩ ጨቒኑ ሒዝዎ ዘሎ። ህዝቢ ካብ ህወሓት ናፃ ክኸውን ‘ዩ ድሌቱ። ነዚ ድማ መንግስቲ መፍትሒ ክገብረሉ ኣለዎ ክብሉ ኣተሓሳሲቦም።

ህወሓት ማለት ፀረ ህዝቢ ትግራይን ጥራሕ እንተይኮነስ ፀረ ሃገር ‘ውን ‘ዩ፤ ምስ ታሪኻዊ ፀላእቲ፤ ኩሉ ግዘ ጥፍኣት ዝሓስብ ሓይሊ ብምኳኑ ሃገር ንምፍራስ ተሰሊፉ ዝሰርሕ ዘሎ ‘ዩ ኢሎም።

ህወሓት ዝኽተሎ ዘሎ ኣካይዳ ሃገር ዘፍርስ ስለ ዝኾነ ምስ መንግስቲ ፌዴራል ፀገሙ ብልዝብ ክፈትሕ ኣይኽእልን። ባህሪኡ ዝፈቕደሉ ኣይኮነን። ስለዚ ህዝቢ ትግራይ ብስርዓት ህወሓት እናተሳቐየ ብምኳኑ ካብ መንግስቲ ፌዴራል ቕልጡፍ ፍታሕ ክገበረሉ ኣተሓሳሲቦም።

ጉጅለ ህወሓት ኣብልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝፍፅሞ ዘሎ ግፍዒ ይፍፅም ምህላው ኣብ ትግራይ ዝርከብን ደጋፊ ህወሓትን ዝነበረ ሓደ ውድብ ገሊፁ።

ኣብ ማሕበረዊ መራኸቢ ሓፋሽ ዝተረኸበ ናይቲ ውድብ መግለፂ ከምዘመልክቶ፣ጉጅለ ህወሓት ብሽም መኸተ ብኔትዎርክ ተኣሳሲሮም ዝተሓረዩ ከባብያዊ ኣመሓደርቲ ንህዝቢ ደም የንብዕዎ ኣለዎ። ሓረስታይና ብዘይ ፍርዲ ፈቒዶ ኣብያተ ትምህርትን መሰልጠኒ ሓረስቶትን ይእሰር ኣሎ። ህይወት ሰብ ብጠገለ ዘይብሉ ኣሰራርሓ ይጠፍእ ኣሎ።

ጉጅለ ህወሓት ዘቐመጦም ካድረታትን ምልሻታትን ንብረት ሓረስታይ ብዘይገደብ እናመንዝዑ ክሳብ ምውሳድ በፂሖም ኣለው። ኣብ ከተማ ‘ውን ካብ ሰብ ሃፍቲ እናፈራሑን ብሕሶት እናጠቀኑን ንውልቆም ሃፍቲ ዝእክቡ ብዙሓት እዮም ክብል ገሊፁ።

ህዝቢ ካብ ዘዋፅኦ ቀሉብን ተወሳኺ ሓገዝን ብዙሕ ይጠፍእን ይሰረቕን ኣሎ። ከረንሾ ኮነ ሕሩጭ ጣፍ ብካድራትን ልምዓት ጉጀለን ጉጅለ ህወሓት ይብላዕ ከምዘሎ ኣብሪሁ።ከምኡ ‘ውን ካብ ወረዳ ክሳብ ጣብያ ዘሎ ኣባልን ካድረን ጉጅለ ህወሓት በቢቦትኡ «ምግብና» ኣጣይሱ ብሽም መኸተ ናይ ህዝቢ ሃፍቲ ይበልዕ። ክብል ኣማላኺቱ።

ህዝቢ ብሕመቕ ምሕደራን ስእነት ፍትሕን፣ ቅርሕንቲ ይፈጥር ኣሎ ዝበለ እቲ ውድብ፤ ኣብ ክንዲ ነቲ ፀገም ምፍታሕ ነዚ ከም መፍትሒ ዝውሰድ ዘሎ ዝጉምቲ ምግዳድን ግፋን ‘ዩ ኢሉ።ብሽም መኸተን ምግዳልን በቢከባቢኡ ዝንቀሳቐስ ዕጡቕ ኣብ ህዝቢ ግፍዒ ይፍፅም ከምዘሎ ገሊፁ።

## «ጀጋኑ ሓርበኛታት...

ግልጋሎት ቤተ መፃሕፍትን ቤተ መዛግብትን ኢትዮጵያ ዝኸፈቶ ዓውደ ርእይ ካብ ሎሚ ጀሚሩ እስካዕ ቀዳም ክቕፅል ‘ዩ ኢሎም።

ሎሚመዓልቲ ዝኽበር በዓል ዓወት ሓርበኛታት ኢትዮጵያ ኣመራርሓ ሰራዊት መከላኸሊ ተረኺቦም ጉንጉን ዕምበባ ከምዘቐምጡን ከምኡ ‘ውን 47 ኣጋይሽ ካብ ወፃኢ ነቲ በዓል ከኽብሩ ከም ዝመፁን ተሓቢሩ።

ብተመሳሳሊ ኣባል ቤት ምኽሪ ሓርበኛታት ኢትዮጵያ ዳኛቸው ተመስገን ንጉሴ ከምዝበልዎ፤ ኢትዮጵያ ካብ ቐደም ጀሚራ ብናይ ደገ ፀላኢ ትኹረት እናተገበረላ ዝፀንሐት ሃገር ‘ያ።

እቶም ሓርበኛ ከምዝበልዎ፤ ኣፍቲ እዋን ዓወት ንኽጎናፀፉ ዘኽኣለና ዓብዪ ምሽጥር፤ ውልቃዊ ድሌትን ጎንፅታትን ከምኡ ‘ውን ናይ ስልጣን ድሌት ናብ ጎኒ ብምግዳፍ ኣብ ጉዳይ ሃገር ብሓድነትን ብፍቕርን ተጣሚሮም ብሃይማኖትን ብብሄርን ከይተመቓቐልና ብሓድነት ጠጠው ብምባልና'ዩ ።

ዝተኸፈለ መስዋእቲ ቐሊል ኣይነበረን ብፍላይ ድማ ኹሉ ነገር ባህላዊ ብምንባሩ ዘበናዊ ሕክምና ኣይነበረን ፤ ኣብ እዋን ንቑሱላት ባህላዊ ሕክምና እናተጠቐምናን፤ ዝነበረና ስንቂ ብፍቕሪ እናተማቐልናን እናተሓጋገዝናን ንዓወት በቒዕና ኢና ዝበሉ እቶም ሓርበኛ፣ በዚ’ውን ሃገርና ኣብዚ ንኽትበፅሕ ዓብዪ ኣስተዋፅኦ ገይሩ ‘ዩ።በዚ ድማ ኹርዓት ክስመዐና ጥራሕ ዘይኮነስ ክቕፅል ምግባር ይግበኣና ክብሉ ተዛሪቦም።

እቶም ሓርበኛ ብዛዕባ ወድዓዊ ኹነታት ሃገርና እንትዛረቡ፤ብሓይሊ እንተመፂና ኹሉ ተመሳሳሊ ‘ዩ ማንም ንማንም ኣይስዕሮን ፤ ሎሚ እቲ ሓደ እንትወድቕ ቐፃሊ እቲ ኻልኣይ ወዳቒ'ዩ፤ስለዝኾነ ድማ እናተዋደቕና ካብ ንነብር ብሓድነትን ብስኒትን ተንነብር ዝሓሸ ‘ዩ፤ብኩናት ዝርከብ ረብሓ የለን፤ ሓደ እንተኾይናን ሓድነት እንተሃልዩናን ሰዓርቲ ኢና ክብሉ ኣረዲኦም።

# ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወልቃይት ፣ ጠገዴን ጠለምትን ዝተፈፀመ ምፅናት ዘርኢ ዝፈፀሙ ኣካላት ንክሕተቱ ዩኒቨርሲቲ ጎንደር ኣተሓሳሲቡ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ኣዲስ ኣበባ፡- ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወልቃይት ፣ ጠገዴን ጠለምትን ዝተፈፀመ ምፅናት ዘርኢ ዝፈፀሙ ኣካላት ክሕተቱ ምግባርን ንቐፃሊ ድማ ትምህርቲ ብዝኸውን መልክዑ እቲ ጉዳይ ማሕበረሰብ ዓለም ንኽፈልጦ ክስራሕ ከምዝግባእ ዩኒቨርሲቲ ጎንደር ኣተሓሳሲቡ።

ኣብ ዩኒቨርሲቲ ጎንደር ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወልቃይት፣ ጠገዴን ጠለምትን ዝተገበረ ጅምላ ጨፍጫፍን ገበን ዘርኢ ምፅናትን ኣመልኪቱ መፅናዕቲ ዝገበረ መራሒ ፅንዓት ዩኒቨርሲቲ ጎንደር ሓጋዚ ፕሮፌሰር ጌታ ኣስራደ ንትካል ፕረስ ኢትዮጵያ ከም ዝገለፅዎ፤ ህወሓት እቲ ከባቢ ምቁፅፃር ካብ ዝጀምር ካብ 1972 ዓ.ም ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ እቲ ከባቢ ልዑል ኢሰብኣውን ስነ ልቦናውን ግፍዕታት ተፈፂሙ ‘ዩ።

እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር ከምዝገለፅዎ ፤ ህወሓት ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ እቲ ኸባቢ ዝፈፀሞ ግፍዒ ካብ ሕድ ሕድ ስድራ 26 ነጥቢ 5 ሚእታዊ ንስደት ተዳሪጉ ፤19 ነጥቢ 5 ሚእታዊ ተዓፊኑ ናበይ ከምዝኣተወ ኣይፍለጥን ፤29 ሚእታዊ ድማ ንሞት ተዳሪጉ ‘ዩ።

ህወሓት ኣብ 1972 ዓ.ም መወዳእታ ነሓሰ ከባቢ ተከዘ ተሳጊሩ ኣካል ክፍል ሃገር ጎንደር ዝኾነ ወልቃይት ምውራር ጀመሩ ዝበሉ እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር፤ ድሕሪኡ እናስፈሐ መንግስቲ ደርጊ ብዝተፈላለዩ ውሽጣውን ደጋውን ፀገማት ኣብ መቐራቕር ዝነበረሉ እዋን ድማ ብወገን ሰሜን ዝርከብ ወልቃይት ፣ጠገዴን ጠለምትን ከም ዝወረረ ጠቒሶም።

በዚ ምኽንያት ድማ ናይ ወልቃይት ፤ጠገዴን ጠለምትን ኣምሓሩ ወራር እንትካየዶም ደም ኣፍሳሳይ ድርጊት እንትፍፀሞም ኸፊኡኒ ዝብል ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምግባር እስካዕ ምድርጃው ዝኸድሉ ዅነታት ከምዝነበረ ብምጥቃም፤ በዚ ድማ ምስ ህወሓት ንዓሰርተ ዓመታት



ሓጋዚ ፕሮፌሰር ጌታ ኣስራደ

ተፋሊምም ‘ዮም ኢሎም።

ብናትና መፅናዕቲ ዘረጋገፅናዮ እቲ ወራር ባዕዳዊ ወራር ‘ዩ ዝመስል ዝበሉ እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር ፤ባዕዳዊ ገዛኢ እንትመፅእ ብሓይሊ ሃፍትን ንብረትን ምስ ዘረፈ ፤ ከሳድድን ክቐትልን ዩ ዝመፅእ ፣ህወሓት ድማ ነዚ ዝፈፀመ ‘ዩ ኢሎም።

ህዝቢ ወልቃይት ፣ ጠገዴን ጠለምትን መንነተይ ይመለሰለይ ፣ብሓይሊ ናብ ትግራይ ተኸሊለ ‘የ ብምባል ነቲ ጉዳይ ብኮሚቴ መላሲ መንነት ሕጋዊ ብዝኾነ መገዲ እስካዕ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ኣብፂሕዎ ንዝሓለፉ ሸሞንተ ዓመታት ዝተጀመረ ጉዳይ ኮሚቴ ኣምላሲ መንነት እስካዕ ሐዚ ዕልባት ከምዘይረኸበ ሓጋዚ ፕሮፌሰር ጌታ ጠቀጦምም።እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር ኣብ መፅናዕቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ወልቃይት ፣ ጠገዴን ጠለምትን ናይ ታሪኽ ፣ ባህልን ቋንቋን ለውጢ ምህላዉ ኣረጋጊፅና ኢና ኢሎም።

ፈለጥቲ ታሪኽን ማሕበረ ሰብ ዘንቅሑን፤ ንመንግስቲ ዝሙግቱ ‘ዮም ዝበሃሉ ሰባት ብፀልማትን ብቐትርን ተዓፊኖም ተወሲዶም ፍርቆም ተቐቲሎም ፤ እቶም ኻልኦት ድማ ኣበይ ከምዝኣተዉ ኣይፍለጥን ክብሉ ሓቢሮም።

እስካዕ ሐዚ ኣብ ዘሎ ኸይዲ ማይ ካድራ ሓዊሱ ኣብ ከባቢ ገሃነም ብርክት ዝበሉ ሰባት ዝተቐተሉሉ ጅምላዊ ቀጣናታት ጨፍጫፍ ከምዝተረኸቡን ኻልኦት ዝኾኑ ዝጥርጠሩ ቦታታት ከምዘለዉ እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር ሓቢሮም።

ረዳት ፕሮፌሰር ጌታ ከምዝገለፅዎ ፤ ኣብ እዋን እቲ ቕትለት ብዙሕ ዓይነት ስልቲ ‘ዮም ዝጥቀሙ ነይሮም። ሓደ ሓደ እዋን ኣብ ኣደባባይ ብምርሻን ኣስከሬን የስጥሑ ነይሮም።ኣብ ዕዳጋ ቐቲሎም ከይብከይ ይገብሩን ፤ እዚ ድማ ስነ ልቦና ሰባት ንምጉዳእ ዝገብርዎ ነይሩ፤ እቲ ኻሊእ ስልቶም ድማ ቐቲሎም ናብ ገደል ምድርባይ እዚ ድማ እቲ ሕብረተሰብ ንኽስከሕክሕን ክፈርሕን ዝገብርዎ ‘ዩ።

ህወሓት ኣብዚ ኸባቢ በዚ ልክዕ ናይ ሞት ቀጣና ንክኸውን ካብ መንጎ ዝገበረሉ ምኽንያት እቲ ሓደ ብመንፅር መልክዓ ምድሪ ቑልፊ ቦታ ስለዝኾነን እቲ ከባቢ ድማ ሰሊጥ ፣ ምሽላ ፣ ጡጥ፣ ዝምረተሉን ከፍቲ ብበዝሒ ዝረብሓሉን፤ናብ ሱዳንን ኤርትራን ኮሪደር ብምዃኑ ካብዚ ንምጥቃም ‘ዩ ኢሎም።

በዚ መሰረት ድማ ካድረታት ህወሓት ኣዝዮም ሰፋሕቲ ናይ ሕርሻ መሬታት ኣብዚ ከባቢ ሒዞም ‘ዮም።ተወላዲ መሬቱ ተመንዚዑ እቲ ኸባቢ ንብረት ካድረታት ህወሓት ክኸውን ተገይሩ ‘ዩ ኢሎም።

እዚ ስልታዊ፣ዝተደራጀወ፣ብመንግስቲ ዝምራሕ ኣብ ልዕሊ መንነት ዝተፈፀመ ብመኒፌስቶ ዝተሓገዘ ገበን ‘ዩ ዝበሉ እቶም ሓጋዚ ፕሮፌሰር ፤ እዚ ገበን መንግስቲ ይኹን ኻሊእ ኣካል ኣብ ኣደባባይ ኣውፂኡ ነቲ ገበን ዝሰርሐ ኣካል ክሓትት ፣ ንሓዋሩ ድማ ሙሁሮ ክኸውን ምግባር የድልይ ኢሎም።



# ኣፈሳሳይ ሃይማኖት ሓፁር ኮይኑና ኣይፈልጥን ክብሳ ከንቲባ ኣዳነች ኣቤቤ ገሊፀን

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ)፡-ንሕና ኢትዮጵያዊያን ከም ቀደም ሓደ ኮይንና ተዋሂድና ዝነበርና፣ ብሓድነት ዝተዋደቕና፣ ሕማቕን ፅቡቕን ዝተኻፈልና፣ ሃገርና ብዓቕምና ዘፅናዕና፣ ኣፈላላይና ብጥበብ ዝሰኸነ መንፈስ ሒዝና ምንባር እንፈልጥ ነደንቕ ህዝብታት ኢና ክብላ ከንቲባ ኣዳነች ኣቤቤ ገሊፀን።

ከንቲባ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ኣዳነች ኣቤቤ ኣብ ዝሓለፈ ዓርቢ ኣብ ዝተኻየደ ዓብዪ ኢፍጣር ጎደና ብሰላም ንኽጠናቐቕ ኣበርኪቶ ንዝገበሩ ኣካላት ዘመስገና እንትኾና “ኣፈላላይ ሃይማኖት ሓፁር ኮይኑና ኣይፈልጥን” ኢለን።

“ሃይማኖታትና ፍልፍል ኩሎም ሰናይ ተግባራትና ‘ዮም፤ ሰብ ዋና ቕንዕና፣ ትሕትና፣ ምኽብባር ሓቢርካ ምንባርን ኢና” ክብላ ‘ውን ገሊፀን።

እቶም ውቁባት ፀጋታትና ብኢትዮጵያዊነት ፀጋ ክዕጀቡ ከለዉ ድማ መድመቒ ቀላፅምና ‘ዩ ዝበላ እተን ከንቲባ፣ “ሕብረትና ኣፀቢቕና ንደሊ ህዝብታት ኢና። እዚ ዘገርም ፀጋ ከይድብዝዝ ሎሚ ኩላትና ዓብዪ ሓላፍነት ኣለና” ኢለን።

“ስለዚ ወገናተይ ፈተናታትናን ፈተንትን ኣብ ከይዲ ይመፁን ይኸዱን፤ ኢትዮጵያን ኢትዮጵያውያንን ግን ፀኒዖም ዘመናት ይሳገሩ ‘ዮምሞ እዚ እዋን ደው ኢልና ክንሓስቦ ይግባእ። ካብ ስምዒት ወፂና ብዝተረጋገዐ መንፈስ የማንን ፀጋምን ተመልኪትና ንሳገር። ንሰላምናን ሓድነትናን ንተሓባበር” ዝብል መልእኽቲ ኣመሓላሊፈን።

ዝበልፀና ፍቕርና ‘ዩ፤ ዘጥዕመልና ሓድነትና ‘ዩ፤ ዝሰምረልና ብሓባር ምንባርና ‘ዩ ብምባል፣ ዘጣዕሰና ተግባር ንዘይምግባር ብሓባር ደው ንበል ኢለን ወይዘሮ ኣዳነች ኣቤቤ ኣብ መልእኽተን።

# ሰላም ብተግባርን ብናይ ኩሉ ተሳትፎን ዝመፅእ‘ዩ ክብሉ ተቀዳሚ ሙፍቲ ሓጂ ዑመር ኢድሪስ ገሊፆም

ኣዲስ ኣበባ (ኤፍ ቢ ሲ )፡- ሰላም ብተግባርን ብናይ ኩሉ ተሳትፎን ዝመፅእ’ዩ ክብሉ ተቀዳሚ ሙፍቲ ሓጂ ዑመር ኢድሪስ ገሊፆም።

ፕሬዚዳንት ላዕለዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ተቀዳሚ ሙፍቲ ሓጂ ዑመር ኢድሪስ ኣብ ስታዲየም ኣዲስ ኣበባ ኣብ ዝተኸበረ መበል 1 ሺሕን 443 ዓመተ ህጅራ ዒድ ኣልፈጥር ተረኺቦም መልእኽቲ እንትሕልፉ ከምዝገለፅዎ፣ሰላም ዝመፅእ ብህዝቢ ከምዝኾነን ዝመፅእ ድማ ብተግባርን ብናይ ኩሉ ተሳትፎን ‘ዩ ኢሎም።

ሰላም ዝመፅእ ብህዝቢን መንግስቲን’ ምበር ብዝተፈላለዩ ሰባት ጥራሕ ኣይኮነን ‘ ውን ኢሎም።እዚ ብምፍላጥ ናብ ሰላም፣ ልምዓት ክንምለስ ይግባእ ክብሉ ተዛሪቦም።

ቅድሚ እቲ በዓል ኣብ ዘሕለፍዎ መልእኽቲ ድማ፣”ንሕና ኣትዮጵያውያን ከም ሃገር ዘጋጠሙና ፀገማት ንምስጋር ሙስሊሙን ክርስቲያኑን ንዘበናት ብሓድነት ምንባሮም ዓቢዩ ኣስተዋፅኦ ኣበርኪቱልና ከምዝሓለፈ ክፍለጥ ይግባእ” ክብሉ ገሊፆም።

ኣብ መልእኽቶም ድማ ህዝበ ሙስሊም ኣብ ወርሒ ረመዳን ዘኻዕበቶም ሰናይ ስራሕቲ ካብ ወርሒ ረመዳን ወፃእ ኣብ ዘለዉ ኣዋርሕ ‘ውን ዝጠመዩ ብምብላዕ፣ ዝዓረቑ ብምኽዳን ዝተፀገሙ ብምርዳእ ከምኡ እውን መኣዲ ብምክፋል ብቐፃልነት ብምፍፃም ካብ ፈጣሪ ዝረኸቡዎ ክፍሊት ክብ ክብሉ ይግባእ ኢሎም።

“ኣብዚ ሕዚ እዋን ሃገርና ኣብ ለውጢ ከምትርከብ ኩልና ንርዳእ” ዝበሉ ተቀዳሚ ሙፍቲ ሃጂ ዑመር ኢድሪስ፥“ኣብ ሃገርና ብሄራዊ ምርድዳእ ንምምፃእ ዝተጀመረ ፃዕሪ ኩልና ክንድግፎ ይግባእ” ኢሎም።

ኣብዚ ሰሙን ኣብ ጎንደር ዝተፈጠረ ዘሰክፍ ኩነታት ዳግም ኣብ ካሊእ ክፋል ኢትዮጵያ ምፍጣር ተሪፉ ክሕሰብ



ከምዘይግባእ ብምሕባር፤ ኣብቲ ተግባር ዝተሳተፉ ኣካላት ‘ ውን ናብ ሕጊ ንኽቐርቡ ምሕታቶም ካብ ላዕዋይ ቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ኢትዮጵያ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ።

# ህወሓት ንህዝቢ...

ፃኒሕት ከምዝገለፅዎ፣ ህወሓት ቕድሚ ሐዚ ጀሚሩ ዝተፈለየ ሓሳብ ዘለዎም እንተጋጥሞ ብሓይሊ ክፈትሖ ‘የ ብምባል ንህዝቢ ትግራይ ናብ ኩናት እናእተዎ ‘ዩ መፂኡ። ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ፀገም ብኹናት ‘ምበር ብልዝብ ዝፍታሕ ምዃኑ ኣይፈልጥን።

ፀገም ብሓይሊ ክፈትሖ ‘የ እናበለ ተደጋጋሚ ኩናት ብምፍጣር ህዝቢ ትግራይ ክፀንት እናገበረ መፂኡ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ መኮነን፤ ቕድሚ ሐዚ ምስ ደርግን ሻዕብያን ብዘካየዶም ውግኣት ህዝቢ ትግራይ ኣዝዩ ተጎዲኡ ‘ዩ ኢሎም።

ህወሓት ኩሉ ግዘ ፀገም ህዝቢ ትግራይ ንምፍታሕ ሓሲቡ እንተይኮነ ዝዋጋእ ንባዕሉ ረብሓ ‘ዩ ዝበሉ ኣይተ መኮነን፤ ህዝቢ ትግራይ ቕድሚ ሐዚ ማእለያ ዘይብሉ መስዋእቲ ከፊሉ ካብ ደርጊ ዋላ ሓራ ይውፃእ ብሰንኪ ህወሓት 1ነጥቢ 8 ሚልዮን ህዝቢ ኣብ ሴፍቲኔት ተሓቑፉ ‘ዩ ዝነብር ነይሩ።ሐዚ ‘ውን ንባዕሉ ረብሓ ክብል ንህዝቢ ናብ ዝኸፍአ ኩነታት ‘ዩ ዝኸቶ ዘሎ ክብሉ ተዛሪቦም።

ንስልጣኑ ክብል መዓት መናእሰይ ‘ዩ ዘውድእ ዘሎ፤ እንደጋና ነቲ ዘሎ ፀገም ብሓይሊ ክፈትሖ ‘የ ማለቱ ካብ ኣመፃፅኡ ጀሚሩ ብሓይሊ ስለ ዝኣምን ‘ዩ። ቕድሚ ሐዚ ከም ኣጋጣም ኮይኑ ብዙሓት ውድባት ብሓይሊ እናጨፍለቐ ‘ዩ መፂኡ ክብሉ ተዛሪቦም።

ህወሓት መናእሰይ እኹል ስልጠና ከይወሰዱ ናብ ኩናት ዝዳጉኖም ዘሎ ምኽንያት ድማ ንስልጣኑ ጥራሕ ‘ምበር መንእሰይ ትግራይ ይወዳእ ኣይወዳእ ዘጨንቖ ኣይኮነን። ድሌት ህወሓት ስልጣን ‘ምበር ብዛዕባ መንእሰይ ትግራይ ብኹናት ምፅናት ዘጭንቖ ኣይኮነን ኢሎም።

ህወሓት ካብ ሓደ ወርሒ ዘይበልፅ መናእሰይ ኣሰልጢኑ ናብ ኩናት ክኣትዉ ምግባር ማለት ንህዝቢ ትግራይ ዘይሓስብ ውድብ ምዃኑ ‘ዩ ዘሪኣካ፤ ኩሉ ግዘ ንህዝቢ ትግራይ ንኹናት ‘ዩ ዝጥቐመሉ፤ ዘይሰልጠነ መንእሰይ ገፊጥካ ናብ ኩናት እናኣተኻ ክውዳእ ምግባር እዚ ዕብዳን ‘ዩ፤ ሐዚ’ውን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ፀገሙ እናገፈፈ ‘ዩ ንኹናት ‘ዩ ዘዳልዎ ዘሎ፤ ፀገም ብሰላም ዝፍታሕ ምዃኑ ኣይፈልጥን ክብሉ ኣብሪሆም።

ኣመራርሓ ጉጅለ ህወሓት ኣብ ቀረባ እዋን ምስ ምሁራት ዝገበርዎ ምይይጥ ተባሂሉ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝተዘርገሐ ድምፂ፣ኣብ እዋን ኹናት እኹል ስልጠና ዘይነበሮ መንእሰይ ይጥቀሙ ከምዝነበሩን፣ ሐዚ’ውን ንኹናት ይዳለዉ ከምዘለዉን ዘመላኽት ሓበሬታ ምውፅኡ ዝዝከር ‘ዩ።

# ጉጅለ ህወሓት ብናይ...

ሃፍቲ ተገዲዱ ንኽህብ እናገበረ ‘ዩ ‘ውን ኢሎም። ኣይህብን ዝበለ ኣካል ድማ ንዝተፈላለዩ ስቓያት ይቓላዕ ከምዘሎ ‘ዮም ወሲኾም ዝገልፁ።

ከም ገለፃ ነበር ተጋዳላይ ኣይተ ኪዳነ፣ ህወሓት ዝኸተሎ ዘሎ መገዲ ንህዝቢ ትግራይ ሓደጋ ‘ዩ። ኩነታት ህዝቢ ትግራይ የተሓሳስበና ‘ዩ ዝብሉ ሊሂቓንን ኣባላት ማሕበረሰብ ዲስፖራን እኩይ ተግባር ጉጅለ ህወሓት ክሳብ ሕዚ ከምዘየወገዙ ኣረዲኦም።

ስኽ ምባሎም ፀሊም ነጥቢ ‘ዩ፤ ከም ታሪኻዊ ስሕተት ‘ውን ‘ዩ ዝቑፀር ብምባል፣ ጉጅለ ህወሓት ካብዚ ንላዕሊ ክሳራ ከየብፅሕ ዘለዎም ስግኣት ገሊፆም።

ህወሓት ፀገም ባዕሉ እናፈጠረ እናሃለወ ብስቓይ ህዝቢ እናቐለደ ‘ዩ ዝርከብ፤ እዚ ከይኣኽሎ ድማ ናብ ካልኦት ኣካላት ብምልጋብ ህዝቢ እናዳናገረ ‘ዩ ዝርከብ ኢሎም።

ህዝቢ ካብዚ ንላዕሊ ፀገም ተሸካሚ ክኸውን የብሉን፤ ይኣኽሎ ዝበሉ ኣይተ ኪዳነ፣ ህዝቢ ትግራይ ንህወሓት ክብል ተወሳኺ መስዋእቲ ክኸፍል የብሉን። ከም ናይ በዓል ዶክተር ኣረጋዊ ሓጎስን ካልኦት ንህዝቢ ትግራይ ድምፂ ዝኾኑ ዘለዉ ኣካላትን ክሰምዕ ይግባእ ክብሉ ኣተሓሳሲቦም።

ካሊእ ናብቲ ክልል ዝኣቱ ዘሎ ሰብኣዊ ሓገዝ ብዘይኣግባብ ህወሓት ንባዕሉ እናተጠቐመሉ ብምዃኑ ህዝቢ ኣብ ስቃይ ‘ዩ ዝርከብ ኢሎም። ስለዚ ኣብ ሙሉእ ዓለም ዝርከቡ ሊህቃንን ማሕበረሰብ ዲያስፖራን ስኽ ካብምባል ወፂኦም ሓቒ ብምዝራብ ድምፂ ህዝቦም ክኾኑ ይግባእ ክብሉ ኣተሓሳሲቦም።



# ስፖርት



## ብርክት ዝበላ ሃገራት ኣፍሪካ ናይ መፃረዪ ፀወተአን ኣብ ዘይሻራዊ ቦታ ክገብራ ይኽእላ ‘የን ተባሂሉ

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ፈለምቲ ፀወታታት መፃረዪ ፀወታ 2023 ካብ ሓደ ወርሒ ኣብ ዘይበልፅ እዋን ክዛዘም ‘ዩ። ኣብዚ እዋን እዚ መዳለዊት ፅዋዕ ኣፍሪካ ኮትዲቫር ሓዊሱ ዓሰርተ ኣርባዕተ ሃገራት ናይ መፈለምታ ፀወተአን ኣብ ዘይሻራ ወይ ድማ ፍሉይ ሜዳ ክገብራ ከም ዝኽእላ ኣብዚ ሰሙን እዚ ዝወፀ መረዳእታ ኣመላኺቱ።

ኢትዮጵያ ዓለምለኸ ፀወትኣ ኣብ ሜድኣ ከይትገብር ካብ እትኽልከል ልዕሊ ሓደ ዓመት ገይራ ‘ያ። ኣብ ቐፀልቲ መፃረዪ ፀወታታት ፅዋዕ ኣፍሪካ እቲ ኽልከላ ንኽልዓል መዳለዊ ኮንፌደሬሽን ክዑሶ እግሪ ኣፍሪካ (ካፍ) እቶም ስቴዲየማት ኣብ ኽልተ ዝተፈላለዩ እዋናት ድሕሪ ምግምጋም ኣብ ውሳነ ከምዝበፅሕ ዝፍለጥ ‘ዩ። ካፍ ብመዐቀኒኡ፤ እተን ስቴዲየማት ብቑዓት ኾይነን ተዘይረኺቡወን ኢትዮጵያ ፀወታታት እትገብረሉ ኻሊእ ሜዳ ንኽተዳልው ክገብር ‘ዩ ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።

ኣብ ምድብ ኣባዕተ መፃረዪ ፀወታ ፅዋዕ ኣፍሪካ ምስ ግብፂ ፣ ማላውን ጊኒን ዝተደልደለት ኢትዮጵያ ፤ድሕሪ ወርሒ እቲ ፈላማይ መፃረዪ ፀወታ ካብ ሜድኣ ወፃኢ ክትገብር ‘ያ። ኣብ ዝመፅእ ሰነ ድማ ምስ ግብፂ ኣብ ሜድኣ ክትፃወት ‘ያ። መዳለዊ ፀወታ ክዑሶ ኣፍሪካ ድማ ኢትዮጵያ ፈላማይ ፀወተኣ ካብ ሜድኣ ወፃኢ ብምግባራ ንግዚኡ እንተኾነ ‘ወን ዝተፈለየ ሜዳ ብህፁፅ ንምእላሽ ንኸይትግደድ ምግባሩ ዝእመን ዩ።ኾይኑ ግና ኢትዮጵያ እቲ ኻልኣይ ፀወታ ኣብ ሜድኣ ስለትገብር እንተንኣሰ ካብ ወርሒ ኣብ ዘይበልፅ እዋን መስፈርቲ ዘማልእ ስቴዲየም ክተዳልው ግድን ‘ዩ።



ነዚ ድማ ቐፃሊ ፕሪመሪሊግ ኢትዮጵያ ዘተኣናግድ ስቲዲየም ባህርዳር ንዝሓለፉ ብርክት ዝበሉ ኣዋርሕ ዝገበሮ ሕድሳት ተዛዚሙ ብቑዕ ክኸውን ከምዝኽእል ተስፋ ይግበር። ኢትዮጵያ ዓለምለኸ ፀወታታት ከይትእንግድ ቕድሚ ምእጋዳ ማለት’ውን ቕድሚ ሓደ ዓመት ስቴዲየም ባርህዳር ብቐዋምነት ዓለምለኸ ፀወታታት እናካየደ ከምዝነበረ ዝፍለጥ ‘ዩ።እቲ ስቴድየም ፀወታታት እንተካይድ ብካፍ መጠንቐቕታ እናተውሃቦ ዘዝቐደመ ዝተመሓየሸ ስራሕቲ ንኽሰርሕ ተገይሩ ‘ዩ። ስራሕቲ ምምሕያሽ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ድማ እኹል ምምሕያሽ ኣይተገበረን ኢሉ ስለዝኣመነ ንኽልከላ ዳሪግዎ ‘ዩ። በዚ ድማ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኢትዮጵያ ኣብ ዓለምለኸ መፃረዪ ፀወታ ኳታር፤ ኣብ መወዳእታ ፀወታ ጋናን ዚምባዌን ካብ ሜዳ ወፃኢ ንምግጣም ተገዲዱ ከምዝነበረ ይዝከር።

ኬንያ፣ ዩጋንዳን ርዋንዳን ስቴዲየመን ድሕሪ ምግምጋሙ ኻሊእ ፍሉይ ሜዳ መሪፀን ኣዳልየን ንኽፍልጣ መዳለዊ ፀወታ ክዑሶ ኣፍሪካ ዕድል ከም ዝህበን ተፈሊጡ ‘ዩ። ቡርኪናፋሶ ፣ሌሴቶ ፣ናሚቢያ ፣ደቡብ ሱዳንን ቡሩንዲን ዝኣመሰላ ሃገራት ናይ መፃረዪ ፀወትአን ኣብ ቡርኪናፋሶ፣ ሌሴቶ ፣ናሚቢያ ፣ደቡብ ሱዳንን ብሩንዲን ዝኣመሰላ ሃገራት ኣብ ሜድአን ፀወታታት ክገብራ ተዘይክኢለን ኣብ ዘይሻራዊ ሜዳ መሪፀን ንመዳለዊ ፀወታ ክዑሶ ኣፍሪካ ከፍልጣ እየን ተባሂሉ ትፅቢት ይግበር።

ጋምቢያ ፣ላይበሪያ ፣ዚምባዌ መፃረዪ ፀወትአን ኣብ ሴኔጋል ንምግባር ድሌተን ዘርአያ እንትኾና ፤ጊኒን ዛምብያን ኣብ ሴኔጋል ፀወታ ንምግባር ድሌት ከምዘለወንን ኣብ ውሳነ ግና ከምዘይበፅሓ ተፈሊጡ።

ፅዋዕ ኣፍሪካ ንምስንዳእ ኣብ ምድላው እትርከብ ኮትዲቫር ናይ መፃረዪ ፀወትኣ እትገብረሉ ስቴዲየም ንካፍ ከም ዘየመዝገበት ዘዘራርብ ‘ዩ።ኮትዲቫር መመዘንታት ካፍ ዘማልእ ስቴድየም ምስ ዘይብለን ሃገራት ተሰሪዓ ናይ መወዳእታ ዓለምለኸ ፀወትኣ ኣብ ቤኒን ምግባራ ዝፍለጥ ‘ዩ።ይኹን ‘ምበር ፌዴሪሽን ኩዕሶ እግሪ ናይታ ሃገር ሓዱሽ እናተሃነፀ ዝርከብን ዒስራ ሽሕ ተመልካቲ ዝሕዝ ስቴድየም ሙስኩሮ ንቐፃሊ ናይ መፃረዪ ፀወታታት ንኸካይድ ንካፍ ፍቓዱ ሓቲቱ ‘ዩ።

መዳለዊት ፅዋዕ ኣፍሪካ ኮትዲቫር ሓዊሱ ናይ መፃረዪ ፀወትአን ዘካይዳሉ ዘይሻራዊ ሜዳ ንኸፍልጣ ካብ መንጎ ዝተሓተታ ዓሰርተ ኣርባዕተ ሃገራት ማላዊ፣ ጊኒ ቢሳው ፣ ሪፐብሊክ ማእኸላይ ኣፍሪካን ሩዋንዳን ይርከባ።

ደቡብ ኣፍሪካ ፣ግብፂ ፣ ሞሮኮ ፣ ናይጀሪያን ካሜሮንን ካብ ሓሙሽተ ዘይበልፃ ሃገራት መዐቀኒ ካፍ ዘማልአ ስቴዲየም ከምዘለወን መረዳእታታት ይሕብሩ።

# መኣዲ ጥበብ

## ባህላዊ ዓምዲ ፍቕሪ «ፍቼ ጨምበሳሳ»

**ሄርሞን ፍቃዱ**

ሃዋሳ ልዕሊ ዝኾነ እዋን ድምቕምቕ ኢላ ፤ ምኽንያቱ ድማ በብዓመቱ ዝኽበር በዓል ሓዱሽ ዘበን ብሄረሰብ ሲዳማ ፍቼ ጨምበላላ ‘ዩ።መናእሰያት ፣ ኣዴታት ፣ ዓበይቲ ዓዲ ፣ ነቲ ማሕበረሰብ ዝገልፁ ኣልባሳት ፣ ቑኖ፣ ባህላዊ ምግብን ሳዕስዒትን ኣዳልዮም ልዕሊ ዝኾነ እዋን ክትደምቕ ገይሮማ ‘ዮም። በዓል ፍቼ ጨምበላላ ካፍቲ ክልል ሓሊፉ ብብርኪ ዓለምን ኣብ ዘይድህሰስ ባህላዊ ቅርሲ ኮይኑ ዝተመዝገበ ብምዃኑ እቲ በዓል እንትበፅሕ ኹሉ ኣፍታ ከተማ ተረኺቡ ዋና ስነ ስርዓት ኣብ ዝኽበረሉ «ጉድማሌ» ኣብ ዝተብሃለ ስፍራ የኽበር።

መለወጢ ዓመት ክብረ በዓል ብሄር ሲዳማ (ኢንታንጀብል) በዓል ካብ ዝኾኑ ሓደ እንትኸውን ፤ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተሳገረ ዝመፀ መግለፂ ብሄር ከም ዝኾነ ይፍለጥ። ኣብ ህዝቢ ሲዳማ ፍቼን ጨምበላላን ዘይነፃፀሉ በዓላት ‘ዮም። ፍቼ ብስራት ድሮ ዝተወደአ ዓመት (ባሕቲ) ከምዝኾነ ዳይሬክተር ባህልን ቱሪዝምን እቲ ክልል ኣይተ ኣበበ ታፈሰ ነጊሮምና። ካብዚ ቐጺልና ድማ ብዛዕባ በዓላት ፍቼን ጨምበላላን ብውሑዱ ክንርኢ ኢና።

ፍቼ መዛዘሚ ወይ ድማ ድሮ ሓዱሽ ዓመት ብምዃኑ ሊቃውንቲ እቲ ብሄር ናይ ባዕሎም ቑፅርን፤ ኮኾብን ወርሕን ብምርኣይ ትኽክለኛ መለወጢ ዘበን ድሕሪ ምውሳኖም ቕድሚ ሓደ ሰሙን ኣብ ዕዳጋ ህዝቢ ንኽፈልጦ ይእወጅ። ድሕሪ እቲ ኣዋጅ ባህላዊ መራሕቲ (ዎማች) ንቕነ በዓል ፊቼ ሰሙን እንትተርፎ ዝጀመርዎ ፆምን (ናይ ንስሃ) ፀሎት ይዛዝሙ። እተን ደቂ ኣንስትዮ መድመቒ ጠስሚ ፣ ቆጮ ፣ ፀባን ቕመማቅመምን የዳልዋ።



ፎቶ : ሓዱሽ ኣብርሃ

በዓል ፍቼ ጨምበላላ እንትኽበር

ጨምበላላ ማለት (ተመሊስኻ ምምፃእ) ማለት ‘ዩ። ሓዱሽ ዓመት ዝጅመረሉ፣ ቐልዑት ስራሕ ዘይሰርሑሉ መዓልቲ ዕረፍቲ እናዞሩ ዝበልዑሉ ፤ ከፍቲ ድማ ነዚ መዓልቲ ተሓፂሩ ኣብ ዝፀንሐ ሕዛእቲ ሳዕሪ ዝበልዓሉ፤ እቶም ሰገናት ቐልዑ «ኣይዴ ጨምበላላ» (ዘይርና መፂእና) እናበሉ ተኣኪቦም ገዛገዛ እንትዞሩ ኣዴታት ድማ «እሌ እሌ» ወይ ድማ እንኳዕ ኣብፀሐኩም እናበላ ብጠስሚ ዝተዳለወ ቆጮ (ቡርሳሜ) የቕርባሎም ይበልዑ።

«በዓል ፍቼ ጨምበላላ ሎሚ ዘበን ክነኽብር ከለና ዕፅፍ ድርብ ሓጎስ ‘ዩ ተሰሚዑና» ዝበሉ ፕሬዚዳንት እቲ ክልል ፤ሕቶታት ህዝቢ ሲዳማ ዝተመለሱሉ ብምዃኑ ፍሉይ ይገብሮ ብምባል ኣብ ድሮ በዓል ፍቼ ኣብ ባህላዊ ኣዳራሽ ሲዳማ ንዝተረኸቡ ፕረዚደንት ክልላዊ መንግስቲ ሽመልስ ኣብዲሳ ሓዊሱ ልዕሊ ሓደ 100 ሽሕ ተሳተፍቲ ናይ እንኳዕ ኣብፀሐኩም መልእኽቲ ኣመሓላሊፎም ‘ዮም።

### ባህላዊ መራሕቲ

ፍቼ ጨምበላላ ሎሚ ዘበን ብኣውርኡ (ዎማች) ኣብ ድሮ ጨምበላላን ሓዱሽ ዓመትን ተረኺቦም ባህላዊ ምርቓ ዝህቡ እንትኸውን ፣ ብፍላይ ኣብ ድሮ እቲ በዓል ብመሰረት እቲ ባህሊ ዝፍፀም ብቐፅሊ ዝተዳለወ መሽሎኺ ፀወታ ይካየዱ። ኣብ በዓል ፍቼ «ሻፌታ» ብሓባር ምስ ተቐረሰ ዝተፈላለዩ ባህላዊ ስነ ስርዓታት ተፈፂሞም።

ፍቼ በዓል ጥራሕ ዘይኮነስ ብዙሕ ባህላዊ ፋይዳ ከምዘለዎ ብምግላፅ ፤ ፍልጠት ሃገር በቀል ኣቆፃፅራ ዘበን ኣካቲቱ ምሓዙን፤ዋና ዋና ባህላዊ ገፅታታት ዝንፀባረቑሉ ኢንታንጀብል (ዘይድህሰስ) ቅርሲ ከም ዝኾነ ዝምስክር ‘ዩ።በዓል ፍቼ ሰላም ፣ ምክብባር ፣ምክእኣል ፣ ንኽሰፍን ዕርቂ ንኽወርድ ከምኡ ‘ውን ልምዓት ንኽሳለጥ ሰብኣዊ መሰላት ንክኽበሩ መራሕቲ ዓሌትን ዓበይቲ ሽማግለታትን ብሰፊሑ ትምህርቲ ዝህቡሉ እዋን ምስ ምዃኑ እቲ ክልል እዚ ዓብዪ ባህላዊ በዓል ንምሕላው ፣ ንምልማዕን ንምፍላጥን ልዕሊ ዝኾነ እዋን ከም ዝስራሕ ቃል ኣትዮም።

### ኣፈ ታሪኽ በዓል ፍቼ

በዓል ፍቼ ብኣፈ ታሪኽ ከም ዝበሃለሉ ነዚ ሽም ዝረኸበ «ፊቾ» ካብ እትበሃል ጓል ኣንስተይቲ ሲዳማ ‘ዩ ይብሉ። ፊቾ ዕድምኣ ንኣቕመ ሂዋን እንትበፅሕ ብመሰረት ባህላዊ ስርዓት ሲዳማ ምስ ተመርዐወት፤እዛ ጓል ኣንስተይቲ ንወለዳ ፣ንኣሕዋታን ንኣዝማዳን ቡርሳሜ ዝበሃል ባህላዊ ምግብን ርግኦን ብምሓዝ በብዓመቱ ኣብ ዘበን መለወጢ ሲዳማ ብቐዋምነት ብምምፃእ ትሓቶምን ብደስታ ተፃውቶምን ነይራ። እቲ በዓል ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ዝውዕል እንትኸውን፣ ብመሰረት ኣፈ ታሪኽ እቶም ዓበይቲ ዓዲ ፊቾ ዘምፀአቶ ምግቢ ኣብዛ ዕለት ምሸት ኣዝማድን ጎራብትን ተኣኪቦም ይምገቡ ነይሮም።ኣቡኣን እቶም ዕዱማትን በብዓመቱ እተምፅኦ ምግቢ ብምድናቕ ይምርቕዋ።ፊቾ ነዚ ብተደጋጋሚ እናፈፀመት ፀኒሓ ብሞት ትፍለዮም። ምስ ተፈለየት ነበርቲ እቲ ኸባቢ ፊቾ ብምሚታ ዓብዪ ሓዘን ይስመዖምን እቲ እሳ ትገብሮ ድግስን ርህራሀኣን ከምኡ ‘ውን ውሃቢት ሓጎስን ፍቕርን ምዃናን ንሓዋሩ ንምዝካር ክብሉ ቕድም ክብል ንሳ ምግቢ ሒዛ እትመፅሉ እዋን በዓል ብሽማ ሰይመሞ።

ፍቼ ጨምበላላ ካብ ሃፍቲ ባህላዊ ሲዳማ ሓሊፉ ብትምህርቲ ሕቡራት መንግስታት ትካል ባህልን ሳይንስን (ዩኔስኮ) ኣብ ዘይድህሰሱ ቕርስታ ዝምደብ ‘ዩ። ከም ኻልኦት ናይ ኣደባባይ በዓላት እዚ ዓብዪ ባህሊ ድማ ንሓድነት ህዝብታት፣ ዓንዲ ምትሕስሳብን ፍቕርን ስለዝኾነ ክንሕልዎ ብዝግባእ መገዲ ንወለዶ ክሳገር ክነፋልጦ ከምዝግባእ ብምጥቃም ክንዛዝም።

ብቤት ሕትመት ብርሃንን ሰላምን ተሓቲሙ